መበል 35 ዓመት ቁ.246 ሰንበት 14 ሰነ 2026 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ካብ ኣደነቕቲ ባህልታት ዓለም






ገጽ 4 ዓለማዊ መዓልቲ ኣከባቢ (5 ሰነ) - ክሊማዊ ስጉምቲ





ገጽ 5 ሓካይምን ተሓከምትን ስውራ


ገጽ 7 ምልክታ


# ኣህጉራዊ መዓልቲ ልግሲ ደም፡ ብደረጃ ሃገር ተዘኪሩ

14 ሰነ - ኣህጉራዊ መዓልቲ ልግሲ ደም፡ “ብጡብታ ሱብኣውነት፡ ደም ብምልጋስ - ህይወት ነድሕን” ብዝብል ቴማ፡ ብምትሕብባር ሃገራዊ ኣገልግሎት ባንክ ደምን ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደምን - ብደረጃ ሃገር ንመበል 21 ግዜ፡ ትማሊ 13 ሰነ ኣብ ከተማ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሃማደኤ ተዘኪሩ።



ኣብ’ቲ ኑቲ ዕለት ብዘንጸባርቕ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ዝማዕረገ ስነ-ስርዓት፡ ጸሓፊ ሃገራዊ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኤርትራ ኣቶ በረኸት ሞሳዝጊ ኣብ ዘስመዐ ቃል፡ እዛ ዕለት - ወለንታውያን ለገስቲ ደም ህይወት ንምድሓን ብዘወሰድዎ ሕልናዊ ተበግሶ ዝምገሱላ፣ ኣብ ወለንታዊ ልግሲ ደም ንዘይተንጸንበሩ ዜጋታት ድማ ዕድመ ዝቐርበላ ከምዝኾነት ገሊጹ።

ሜዲካል ዳይረክተር ሃገራዊ ኣገልግሎት ባንክ ደም ኤርትራ ዶ/ር የውሃንስ ተኸስተ ብወገኑ፡ ቀንዲ ዕላማ ሃገራዊ ኣገልግሎት ባንክ ደም ኤርትራ፡ እኹልን ውሑስን ደም ኣኪብካ፡ ንኹለን ሆስፒታላት ሃገርና ውሑስ ደምን ውጽኢት ደምን ብምቕራብ ሰንከልናን ሞትን ምጉዳል ከምዝኾነ ብምሕባር፡ እናበረኸ ብዝመጸ ንቕሓት፡



ስእሊ. ክብሮም ጸሃየ

ዓመታዊ ልዕሊ 15 ሽሕ ከረጺት ደም ኣብ ዝእከበሉ ደረጃ ተበጺሑ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ንቤት-ጽሕፈት ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ኣብ ኤርትራ ወኪሉ ቃል ዘስመዐ ኣቶ እዮብ ፍረዝጊ ድማ፡ ብደረጃ ዓለም ኣብ መጀመርያ 2000 ዓመተ-ምህረት ኣስታት 2.2 ሚልዮን ዝነበረ መጠን ልግሲ፡ ኣብ 2023 ናብ 7 ሚልዮን ከምዝዓበየ ብምጥቃስ፡ ካብ 10 ልግሲ ደም እቲ 7 ብነጻ ዝርከብ ምዃኑ ኣዝዩ ዘተባብዕ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣብ’ቲ ዕለት፡ ንተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ኣብ ወለንታዊ ልግሲ ደም ዝገልጽ መብርሂ፡ ብሓላፊት ሃማደኤ ዞባ ማእከል ወ/ሮ ኣለም በላይ ቀሪቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝተወደበ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ንዝተዓወቱ ሽልማት፣ ንኣብነታውያን ለገስቲ ደም ድማ ናይ ምስጋና ወረቐት ተዓዲሉ።

14 ሰነ - ኣህጉራዊ መዓልቲ ልግሲ ደም፡ ካብ 2004 እያ ብደረጃ ሃገርን ዓለምን ንመበል 21 ግዜ ትዝከር ዘላ።

# መበል 13 ዓመታዊ ፈስቲቫል ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ተኻዪዱ



ስእሊ. ፍያመት መስፍ



መዛዘሚ ስነ-ስርዓት መበል 13 ዓመታዊ ፈስቲቫል ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ብ12 ሰነ ኣብ ኣስመራ - ቀጽሪ’ቲ ኮለጅ ተኻዪዱ።

እቲ ፈስቲቫል፡ ብመልክዕ ውድድር ንሽድሽተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ - ኣብ ትምህርቲ፡ ባህልን ስፖርትን ዘተኮረ መሰናድኦታት፡ ከምኡ’ውን ምርኢት ቅዲ ኣልባሳትን ገስጋስ ሕክምናዊ ትምህርትን ዘንጸባርቕ’ዩ ነይሩ።

ዲን ናይ’ቲ ኮለጅ ዶ/ር የማነ ስዩም ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ እቲ ፈስቲቫል - ዓቕምን ንቕሓትን ተመሃሮ



ስእሊ. ፍያመት መስፍን

ብምብራኽ ተወዳዳርነቶም ንምዕባይ ዝሕግዝ፣ ባህሎምን መንነቶምን ዘፈልጡሉን ዝዕቅቡሉን መኣዲ ዝፈጥር፣ ከምኡ’ውን ናይ ምርማርን ፈጠራን ብቕዓቶም ዘዕቢ ስለዝኾነ ኣገዳስነቱ ልዑል ምዃኑ ገሊጹ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ’ቲ ኮለጅ መንእሰይ ኣብርሃለይ ኣሰፋው ብወገኑ፡ ፈስቲቫል ኮለጃት ኣብ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዕብየት ተመሃሮ ንዘለዎ ተራ ብምጥቃስ፡ ቡብዓመቱ እናሰፍሐ ዝመጽእ ዘሎ ትሕዝቶ ናይ’ዚ መርኣያ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣብ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ሓላፊት ክፍሊ ምክትታል ዞባታት ሄለን ኣሚነ ድማ፡ ፈስቲቫል - ሓደ ካብ’ቶም ማሕበር ምስ ኮለጃት ብምውህሃድ ዝካየዶ መደባት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ዝቐረበ ትሕዝቶ ንብቕዓት ተመሃሮ ዘንጸባርቕ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ደገፍ ናይ ሰራሕ መሻርኽቲ ክዓዝዝ ጸዊዓ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብውልቅን ብጉጅለን ንዝተዓወቱ ሽልማት ክዕደል ከሎ፡ ተመሃሮ ዓውደ-ትምህርቲ መድሃኒት ጎብለል ብምዃን ተሸሊሞም።

ኣብ’ቲ ዕለት፡ ብደራስን ተመራማሪ ታሪኽን ኣቶ ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ ኣብ ኣገዳስነት ታሪኽ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ዘተኮረ ሰሚናር ተኻዪዱ።

# መልእኽቲ ብዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ብምኽንያት 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መግዛእቲ ናጻ ክወጽእ፣ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ክጭብጥን ብርሃን ናጽነት ክስተማቕርን ጀጋኑ ሰማእታት በጃ ሓሊፎምሉ እዮም። መስዋእቲ ኪኖ'ቲ ዘቐንጠጦ ሰላም፣ ኣብ ዝጣን ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ዘሰከሞ ረዚን ሓላፍነት ኣለዎ። እዚ ሓላፍነት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ መሰርዕ ከይበተኸ ክወራረስ ዘለዎ ሕድሪ ሰማእታት እዩ። ዝኽሪ ሰማእታት ኣጋጣሚታት ጥራሕ ተጸቢኻ እትድግሶ ጽንብል ዘይኮነስ፣ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ህሞት፣ ወስታን ስጉምትን ኣብ ልብና ሰፊሩ ካብን ናብን ወለዶ ብእናዓመቑን እናሰፍሐን ዝኸይድ ትርጉም ክሰርጽ ይግባእ።

መንግስቲ፣ ሕድሪ ሰማእታት ብልምዓት ንምድባስ፣ ዝተፈላለዩ መደባት ኣውጺኡ ኣብ ምትግባር ይርከብ። ዕቃበን ልምዓትን ምፍዋስ ማይክያታትን ካብተን መንግስቲ ብቐዳምነት ሰሪዑ ዘተግብረን ሃገራዊ መደባት እየን። ትግባረ ናይ'ዘን መደባት፣ ተሳታፍነት ናይ ኩሉ ህዝብን ዝምልከቶም መሻርኽትን ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ዝሓትትን ይጽንሓለይ ዘይብሃልን፣ ኩሉ ብንቕሓትን ኣፍልጦን ተወፋይነትን ሞራልን ክሳተፈሉ ዝግባእ መደብ እዩ።

ንጥፈታት ምግራብን ምፍዋስ ማይክያታትን ብምኽንያት መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ክትግበር ጸኒሑን ኣሎን። እዚ መደብ፣ ነዚ ክቡር ዕለት ብዝምጥን፣ ውጽኢታዊ ዝኾነ፣ ብግዜን ቦታን ዝዕቀንን ዝግምገምን፣ ቀጻልነት ዘለዎ ብሓላፍነት ክዕመም ዝግብኦ መደብ ኮይኑ ብዝተወደበ ኣገባብ ክትግበር ከምዝጀመረ ይዝከር።

ከም መቐጸልታ፣ ሎሚ ዓመት ነዚ ክቡር ዕለት ንምዝካር ዝውደብ ንጥፈት፣ ብፍሉይ ኣብ ዞባታት ኣብ ዝዓለ ቦታታት፣ ክሳብ ዕለት 20 ሰነ ክትግበር እዩ። በዚ መሰረት ኩሎም ዝምልከቶም ምምሕዳራት እዝታት ሓይልታት ምክልኻልን ሓይልታት ጸጥታን፣ ኣብያተ እምነትን ትካላትን ውልቀ-ሰባትን ካልኦት ውዳበታትን ካብ መንበሪ ኣባይቶምን ትካላቶምን ጀሚሮም ክሳብ ብምምሕዳራት ኣብ ዝዳለወሎም መገረቢ ቦታታት ኣብ ምዝላይን ፈልሲ መትከሊ ጉድጓድ ኣብ ምድላውን፣ ማይ ኣብ ዝተረኽበሉ ከኣ ኣብ ምትካል፣ ክሳተፉ እናኣዘኻኸርና፣ ሓደ ሱብ ብስም ሰማእታት ኤርትራ እንተወሓደ ሓደ ገረብ ክተክል መልእኽትና እናመሓላለፍና፣ ምምሕዳራት ትግባረኡ ክከታተሉ ዝኻኽር።

**ጽንዓትና ዋሕስና!**
**ሰማእታትና ብልምዓት ይደበሱ!**
**ዓወት ንሓፋሽ!!**

## ጊንዳዕ - ብሞያ ክሰልጥኑ ዝጸንሑ መንእሰያት ተመረቑ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ብዓውድታት ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፣ ድሩቕን ተንቀAባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ሓላፊ ፕሮጀክታት መንእሰይ ሰዒድ ኣቡበከር ብወገኑ፣ ማሕበር ኪ.ኾ ናይ ምንቃሕን ምውዳብን ንጥፈታቱ፣ መንእሰያት ብቑዕ ሞያ ዓጢቖም ኣድማዒ ኣበርክቶ ንኽገብሩ፣ ቡበግዚኡ ስልጠናታት ወዲቡ ከምዘሰርሐ ብምሕባር፣ እቲ ሞያዊ ስልጠናታት ናብ ኩለን ንኡስ ዞባታት ንኽሰፍሕ ክሰራሕ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ይሓይሽ ጉብረስላሴ ድማ፣ ብሃማሙተኤ ዝውደብ ስልጠናታት ኣብ ምህናጽ ብቑዕ መንእሰይ ዓቢ ግደ ከምዘለዎ ብምግላጽ፣ መንእሰያት ዝቐሰምዎ መሰረታዊ ሞያ ኣብ ሂወቶም ሓጋዚ ምዃኑ ተገንዚቦም ብስራሕ ከማዕብልዎ ኣዘኻኺሩ።

## ዓዲ ኳላ - ብርትዓዊ ዋጋ ኣገልግሎት ማሕረስ ይወሃብ ኣሎ

ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ኳላ ብርትዓዊ ዋጋ ኣገልግሎት ማሕረስ ይህብ ኣሎ።

እቲ ብ175 ናቕፋ ንሰዓት ዝወሃብ ዘሎ ኣገልግሎት፣ ኣብ ምልስላስ መሬትን ምኽዕባት እቶትን ርኡይ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ዝሓበሩ ሓረስቶት፣ ብፍላይ ንጽጉማት ወገናት ዓቢ ሓገዝ ከምዝኾነ ብምግላጽ፣ ንዝተገብረሎም ሓገዝ ኣመስጊኖም።

ጠርናፊ ናይ'ታ ኣብ'ቲ ስራሕ ተዋፊራ ዘላ ጉጅለ መንእሰይ ኪዳነ ዓንደሚካኤል ብወገኑ፣ እቲ ዝወሃብ ዘሎ ኣገልግሎት ነቑሊ፣ ኣካል ናይ'ቲ እቶትን እቶታውነትን ንምኽዕባት ዝካየድ ዘሎ ወሁድ ጻዕሪ ከምዝኾነ ብምግላጽ፣ ዛጊት ልዕሊ 166 ሄክታር ከም እተሓርሰን እቲ ስራሕ ይቕጽል ከምዘሎን ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ምም/ከባቢ ማይ-ላፎ ኣቶ ኣብርሃም ተስፉ ብወገኑ፣ እቲ ካብ መጀመርያ ወርሒ ሰነ ዝወሃብ ዘሎ ኣገልግሎት ማሕረስ፣ ምስ'ቲ ነበርቲ ፍግረ-መሬት ብምክልኻል እቶታውነት ንምድንፋዕ ከሳስልዎ ዝጸንሑ ሰፊሕ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ተደሚሩ፣ ኣገዳሲ ውጽኢታዊ ምንባሩ ሓቢሩ።

ንሱ ብተወሳኺ፣ ኣብ መጻኢ ቀጽሪ ትራክተራት ክውሰኽ፣ እቲ ዝወሃብ ኣገልግሎት ማሕረስ ድማ ኣቕዲሙ ክጅመር ተላቢዩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ሓጋዝ - ኣብ ምሕያል ባህላዊ ውርሻን ኣፋዊ ያታን ዘተኮረ ዓውደ-መጽናዕቲ ተኻዪዱ

ኣብ ሓጋዝ፣ ባህልን ኩበርታትን ሕብረተሰብ ብዝጥጣእ ናብ ወለዶታት ንምስግጋር ዝዓለመ፣ ኣብ ምሕያል ረቋቕ ባህላዊ ውርሻን ኣፋዊ ያታታትን ዘተኮረ ዓውደ-መጽናዕቲ ብ5ን 10ን ሰነ ተኻዪዱ።

እቲ ብቤት-ጽሕፈት ባህልን ስፖርትን ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ዝተወደበ ዓውደ-መጽናዕቲ፣ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ብዛዕባ ዝርከብ ታሪኻዊ ጸጋታትን ባህላዊ ውርሻታትን ደቂቕ መጽናዕቲ ብምክያድ ኣብ ረብሓ ሕብረተሰብ ዝውዕለሉ መዳያት ንምፍጣር ዝዓለመ ኮይኑ፣ ብሰፊሑ ተዘትዩሉ።

ሓላፊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ዑስማን መሓመድ-ሰዒድ፣ ነበርቲ ኣኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ባህርያዊ ጸጋታትን ስድራቤታት ዝጥቀማሉ ታሪኻዊ ትሕዝቶታትን ብምዕቃብ ጽላት ቱሪዝም ከማዕብሉ፣ ከምኡ'ውን ኣፋዊ ያታታት ዘጽንዓሉ ባይታ ተፈጢሩ ወለዶታት ዝጥቀሙሉ ታሪኻዊ መጽናዕቲ ክካየድ ተላቢዩ።

ኣመሓዳሪ ከተማ ሓጋዝ ኣቶ ነጸረኣብ በረኸትኣብን ሓላፊ ባህሊ ኣቶ ዘርኡ ድራርን ብወገኖም፣ ባህልን ኩበርታትን መሰረት ታሪኽን መንነትን ዜጋታት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፣ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ብቱሪዝማዊ ጸጋታት ብሓፈሻ ብዙሕነት ሕብረብሄራዊ ብዙሕነት ድማ ብፍላይ ሃብታም ብምዃኑ፣ ንምምዕባሉ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ዓድታትን ምምሕዳራትን ብዝሓየለ ክሰርሓ ጸዊዖም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፣ ሓለፍቲ ትካላት መንግስቲ ንምዕባለ ረቋቕ ባህላዊ ውርሻን ኣፋዊ ያታን ዘደንፍዑ ሙበርሂታት ድሕሪ ምሃብ፣ ነዚ ዝከታተላ ኮሚቲታት ቈይመንን ኣገደስቲ ለበዋታት ሓሊፉን።

## ሚኒስትሪ ምክልኻል፣ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ዘሰልጠኖም ኣባላቱ ኣመረቐ



ሚኒስትሪ ምክልኻል፣ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ዘሰልጠኖም፣ ካብ እዝታት ሓይሊ ባሕሪ፣ ሓይሊ ኣየር፣ ከምኡ'ውን ክፍልታት'ቲ ሚኒስትሪ ዝተዋጽኡ 175 ኣባላቱ፣ ትማሊ 13 ሰነ ኣብ ኣስመራ ኣመረቑ።

ኣብ'ቲ ብጉብርን ክልሰ-ሓሳብን ዝተዋህበ ስልጠና፣ 29 ብጋዜጠኛነት፣ 37 ብደረቕን ተንቀሳቃስን ስእሊ፣ 59 ብግራፊክስን ኣርትዖት ቪድዮን፣ 50 ድማ ብቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር'ዮም ትምህርቶም ተኸታቲሎም።

ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮሃንስ ኣብ ዘስመዐ ቃል፣ ተመረቕቲ ከም ተረኽቡቲ ሃገርን ሕድሪን፣ ታሪኽ ወለዶታት ኤርትራ ብግቡእ ኣብ ምስናድ ብንቕሓት ክዐዩን ሓላፍነታውያን ክኾኑን ምዒዱ።

ካብ ኣወሃሃድቲ ናይ'ቲ ስልጠና ኣቶ ተስፋኣለም ከሰተ ብወገኑ፣ እቲ ስልጠና፣ መቐጸልታ ናይ'ቲ መኮነን ሓበሬታን ጉስጓስን ሚኒስትሪ ምክልኻል ብቕዓት ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ንምሕያል ዘውድቦ ኩለንትናዊ መደባት ስልጠና ከምዝኾነ ብምጥቃስ፣ ሰልጠንቲ ንሰነ-ልቦናን ባህሪ ስራሕን ዝሕግዙ ኣብ ምሕደራ ግዜ፣ ሓበሬታን ግቡእ ኣጠቓቕማኡ፣ ከምኡ'ውን ሱብ-ሰርሖ ብልሒ ዘጠቓልል ኣስተምህሮታት ከምዝቐሰሙ ኣገንዚቡ።

ወኪል ተመረቕቲ ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፣ ንዝተፈጥረሎም ዕድል ብምምጓስ፣ ቀሲሞምዎ ዘለዉ ፍልጠት ንዘለዓለ ሞያዊ ብቕዓት ዝድርኽ ስለዝኾኑ ኣብ መጻኢ ክድፋኣሉ ተማሕጺኑ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፣ ኣብ ትምህርቶም ጸብለልታ ንዘርኣዩ ሰልጠንትን ንምዕዋት'ቲ ስልጠና እጃሞም ንዘበርከቱ ኣካላትን ወረቐት ምስክርን ሽልማትን ተዓዲሉ።

## ዓዲቐይሕ - ወለንታዊ ልግሲ ደም ንምስሳን ጎስጓስ ተኻዪዱ

ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ፣ ብምኽንያት 14 ሰነ - መዓልቲ ልግሲ ደም፣ ትሕዝቶ ባንኪ ደም ብምስሳን ሂወት ንምድሓን ዝዓለመ ጎስጓስ፣ ብ12 ሰነ ንመራሕቲ ሃይማኖት ተኻዪዱ።

ኣቦ-መንበር ማሕበር ለገስቲ ደም ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ኪሮስ ጉብረማርያም፣ ዘካየድ ጎስጓስ ሕጽረት ቀረብ ደም ኣብ ሆስፒታላት ብምቕላል፣ ብዘትካእ ደም ዘይትትካእ ሂወት ንምድሓን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፣ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ንቕሓቱ ብምብራኽ ኣበርክቶኡ ከዕዝዝ ምእንቲ፣ መራሕቲ ሃይማኖት ጸላዊ ተራኦም ክጻወቱ ተላብዩ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ'ቲ ን/ዞባ ኣቶ ወልደኣብ ጉብረእግዚኣብሄር ድማ፣ ብዛዕባ ጥቕምታት ልግሲ ደም ሰፊሕ መግለጺ ድሕሪ ምሃብ፣ ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ ብማሕበር ዝተጠርነፉ ለገስቲ ንዝገብርዎ ኣበርክቶ መጕሶ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፣ ምብራኽ ኣፍልጦን ንቕሓትን እቲ መሰረታዊ ስለዝኾነ፣ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዝግበር ጎስጓሳት ክሕይል ተላብዮም።

# መዛነዩ

ማርታ ኣክብሮም

## እታ ልእልቲ



እዚ ዛንታ ኣብ ቀቢላ ኣሳንት ብመልክዕ ኣፈታርኻ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሰጋገረ ክመጽእ ዝጸንሐ ዛንታ እዩ።

ኣብ ቀቢላ ኣሳንት፡ ከማኺ ኣብ ትብዓል ዓባይ ዓዲ፡ ህዝቢ ናይታ ዓዲ ንመርዓ ጓል እቲ ዝፈትውዎ ንጉሶም ንምጽንባል ተኣኪቦም ነበሩ። እቲ ጽንብል ንሰለስተ መዓልታት ዝቕጽል ነበረ። እዛ ‘ያ’ ዝተባህለት ልእልቲ ነቲ ኣብ ጎረቤት ዓዶም ዝነበረ ወዲ ንጉስ ንምምርዓው ኣብ ምድላው ነበረት። ኣዝያ ተሓጉሳ ድማ ነበረት። እቶም ክልተ ደቂ ንጉስ ካብ ግዜ ህጻንነቶም ኣትሒዞም እዮም ዝፋለጡ። ኣዝዩ ደስ ዘብል ግዜ እናኣሕለፉ ብፍቕሪን ሰላምን እዮም ዓብዮም።

ነታ ቀዳመይቲ መዓልቲ መርዓ ንምጽንባል ድማ፡ ጎረቤ ናይታ ዓዲ ነታ ጽብቕቲ ልእልቲ የመላኽዕኣ ነበሩ። ወርቂ ኣብ ኢዳን ክሳዳ፡ መመላኽዒታት ኣብ ገጻ ብምግባር ኮታስ ኩሉ የጸብቓ ዝበልኦ ነገራት ብምግባር ኣዳለውኣ።

እተን መሓዙታ ድማ “ዚ ወዲ ንጉስ ብምምርዓውኪ ከመይ ደስ ምኺ ኣለኻ” ኢለን ሓተትኣ። እታ ልእልቲ ድማ ፍሽኽ እናበለት፡ “ኣዝዩ ደስ ዘብል መንእሰይ እዩ ሓቀኛ እዩ። ግና ኣብዚ መርዓ ምርጫይ እንተ ዝሕተት ነይረ ካብኡ ንላዕሊ ዝጽብቕን ዝሀብትምን ወዲ ንጉስ ምተመርዓኹ ነይረ” በለተን። ቀጺላ “ወላኺ ሃብታም ብዚይምኻኑ ኩሉ ድሌታተይ ከማልኣለይ ከም ዘይክእል እፈልጥ እንተ ኾንኩ፡ ግና ሕጉስቲ እየ ዘለኹ፣ ምኽንያቱ ስለ ዘፍቅረኒ ከም ዝፍኖኾኒ እፈልጥ እየ” በለተን።

ንጽባሒቱ ንግሆ እታ ልእልቲ ቤታ ቅድሚኣ ምሸት ምስ ኣቡኣ ዝነበረቶ ምዝርራብ ኣዝያ ጉህያን ሓዚናን ነበረት። ኣብ ገጻውን ፍሽኽታ ኣይርአን ነበረ። እታ ልእልቲ ሰብኣያ ምእንታን ወርቅን ክብር ሰልማትን ክከዝኣላ ኣቡኣ ገዚዐ ክህቦ ነገራቶ። ኣቡኣ ግና ሃብቲን ገዚዐን ቀዋምነት ከወሃቦ ከም ዘይብሉ ብምንጋር ንሓሳባታ ነጺጉ። ስለዚ ኣዝያ ጉሂያት። ኣቡኣ ንድሌታታ ከማልኣላ ብዘይ ምኽኣሉ ከም በቓቕን ብዙሕ መጻኢ ህይወት ጓሉ ዘይግደሰን ገይራ ሓሰበቶ።

ኣብ መወዳእታ ካብ ገዛእ ናብ ገዛ ሰብኣያ ትኸይደሉ ግዜ ስለ ዝኣኸለ፡ ነቲ ዘበየ ወቁብ መንበሪ ትፍለዮ ብምንባራ ብምድፍናቕ ደጋጊማ ትዕዘሮ ነበረት። እዚ ናይ መጻኢ ሰብኣያ ሃብታም ኣይኮነ፡ ድኻውን ኣይኮነ። ግና ምስ ናታ ሰድራ ቤታ ዝወዳደር ሃብቲ የብሉን። ስለዚ ኣብ ከምቲ ልክዕ ንሳ ትደልዮ ብትን ሃብቲን ክንብራ ኣይክእልን እዩ።

“ካብዚ ሕጂ ዝጸበየኒ ዘሎ መሰልከይ ህይወት ዘኾልፈኒ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ እንተዝረክብ” ኢላ ከኣ ሓሰበት።

እታ ጽብቕቲ ልእልቲ ካብ ቤታ ክትወጽእ ከሎ ደቂ ዓዳ ድማ ኣብ ኣፍደገ ኮይኖም ንምምጻኣ ብሃንቀውታ ይጸበዩ ነበሩ፡ ኣብ መንጎ እቲ ህዝቢ ድማ ጸጥታ ሰፊኑ ነበረ። እንተኾነ እቲ ዝጸንሐ ጸጥታ፡ ነዊሕ ከይጸንሐ በቶም ብማዕዶኦም ዝመጹኡ ዝነበሩ ጉጅለ ኣፍራስ ተሰብረ። ኣቓልቦ ናይቲ ህዝቢ ድማ በቶም ኣብ ኣፍራስ ተወጢሖም ናብኦም ዝመጹኡ ዝነበሩ ደስ ዘብል ትርኢት ዘለዎም ኣገባዛ ተሰሊቡ።

ኣብ ቅድሚት ሓደ ኣዝዩ ጸቡቕ መንእሰይ ነበረ። ተኸዲንዎ ዝነበረ ክዳውንቲን ሰልማትን ድማ ካብ ኣዝዩ ክቡር ጥረ ነገር ዝተሰርሐ ኣዝዩ ጸቡቓን ሰሓብን ነበረ። ብዙሕ ወርቂ ድማ ኣብ ኢዱን ክሳዱን ገይሩ ነበረ።

እዚ ጸቡቕ መንእሰይ ናብቲ እኩብ ህዝቢ ብምቕራብ ካብ ርሑቕ ዓዲ ዝመጸ ወዲ ንጉስ ምዃኑ ብምንጋር፡ “ኣነ ናብዚ ዝመጻእኩሉ ምኽንያት፡ ንልእልቲ ክምርዓያ ፍቓደኩም ክሓትት እየ፡ ንክልተ መዓልትን ለይትን ከየዕረፍና ተጓዒዝና ኢና ኣብዚ በጺሕና። እቲ ምኽንያት ድማ ነዛ ልእልቲ ንኻልእ ሰብ ከይተዋህበት ከርክብ ስለ ዝሓሰብኩ እየ” በሎም።

እቲ ንጉስ ናብ ቅድሚት ብምምጻእ ነቲ ጋሻ ኣጸቢቑ ተዓዘቦ፡ “ንሓደ ካብ ርሑቕ ዝመጸ ዘይፈልጦ ጋሻ ጓለይ ኣይህባን እየ። ከምኡ’ውን ጓለይ ንኻልእ ሰብ ስለ ዝተዋህበት መዓልቲ መርዓኣ ሎሚ እዩ። ስለዚ ክህበካ ኣይክእልን እየ” በሎ።

እታ ልእልቲ ግና ብጽባቐ ናይቲ ጋሻን ተኸዲንዎ ዝነበረ ክዳውንቲን ሰልማትን ኣዝያ ተሰሊባ። ምስ ሰድራ ቤታ ብሕቶ ኢላ ክትዘራረብ ትኽእል እንተ ኾይና ሓተተት። ኩሎም ደቂ ዓዲ፡ እቲ መርዓ ብኸመይ ከም ዝዛዘም ክርእዩ ተሃንጠዩ።

ኣብ መወዳእታ ንጉስ ምስ ጓሉ ናብቲ እኩብ ህዝቢ ተመልሱ። እቲ ንጉስ ድማ፡ ጓሉ ነቲ ሰድራኣ ዝመረጸላ ወዲ ንጉስ ገዲፋ ምስዚ ሓዲሽ ጋሻ ክትምርዖ ከም ዝደለየት ገለጸ።

ዓብይቲ ናይታ ዓዲ ነቲ ውሳነ ኣትረርም ተቓወምዎ። ንጉስ ወላ’ኳ ንምርጫ ጓሉ እንተ ዘይተቓወመ፡ ውሳኔኣ ግና ሳዕቤን ከም ዘህልዎ ነገረ።

ንጉስ ቀጺሉ፡ “ጓለይ ነዚ ኣሃን ደቂ ዓደይን ዝመረጽናላ ሰብ እንተ ተመርዕየ፡ ኣሃን ደቂ ዓደይን ክንምርቓ ኢና። ነዚ ኻልእ ነዚ ጋሻ ወዲ ንጉስ እንተ ተመርዕየ ግና ናትና ምርቓን ተቐባልነትን ኣይክህልዋን እዩ። ካብዚ ንንኸለት ናትና ድማ ክትጠፍእ እያ፡ ንኹሉ ዘጋጥማ ሳዕቤን ድማ ባዕላ ሓላፍነት ክትወስደሉ እያ” በለ።

ንግስቲ (ኣደ እታ መርዓት) ኣዝያ ብምጭናቓ ንጓላ ነቲ ሰድራኣ ዝመረጸላ ወዲ ክትምርዖ ለመነታ። እታ መልክዐኛ ልእልቲ ግና በቲ ካብ ርሑቕ ዓዲ ዝመጸ ምልኩዕን ሃብታምን ወዲ ንጉስ ስለ ዝተማሰጠት ንሓሳባት ሰድራ ቤታ ዝቕበል እኳ ኣይነበራን።

እቲ ስነ ስርዓት መርዓ ተፈጺሙ፡ እንተኾነ ምረቓ ናይ ንጉስን ደቂ ዓዳን ስለ ዘይነበሮ ዘሐጉስ መርዓ ኣይነበረን።

ስነ ስርዓት መርዓ ምስ ተወድአ፡ መርዓዊ ናብ ዓዱ ክኸይድ ተበገሰ። ንጉስ ድማ ንኸልዩኡ ክሳብ ጫፍ ናይቲ ዝኸዝኣ ቦታ ክዕጅቦም ነገሮም። ኣብ ጫፍ እቲ ንግስነት ምስ በጽሑ፡ እቶም ዓጀብቲ ተፋንዮሞም ተመልሱ።

እታ ልእልቲ ድማ ምስ ሰብኣያን ብዙሓት ገላዩኡን ብምኻን ነቲ ነዊሕ ጉዕዞ ፈለምዎ። ድሕሪ ናይ ነዊሕ ሰዓታት ጉዕዞ፡ ልእልቲ ኣዝያ ስለ ዝደኸመት፡ “ፍቕረይ ኣዝየ ደኺመስ ዕረፍ እሞ ገላዩኻ ከኣ ማይ ከስትዩኒ እባ ንገሮም” በለቶ።

ሰብኣያ ግና ብቑጠዐ ደምጺ፡ “ናይ ምንታይ ገላዩ” በላ።

እታ ብዙይ ገላዩ ንበይና ተንቀሳቒሳ ዘይትፈልጥ ልእልቲ ብድኻምን ጽምእን ተሰኺፉ ምጉዓዝ ቀጸለት። ጉዕዞ እናቐጸሉ ብዝኸዱ ናብ ሓደ ኣዝዩ ዘፍርሕ ጫካ ኣተዉ።

ደኺማ ዝረኣያ ሰብኣያ፡ “ሕጂ ከተዕርፊ ትኽእሊ ኢኺ፡ ገዛና በጺሕና ኢና” በላ። ኣብ ማእከል ጫካ ከምኡ ብምባሉ ዝገረማ ልእልቲ፡ ናብ ኣርባዕቲኡ መኣዝናት ብምጥማት ከበባኣ ክትዕዘብ ጀመረት። ኣብዚ ግዜ’ያ ድማ እቶም ምስኦም ዝነበሩ ገላዩ ከም ዘየለዉ፡ ኣብቲ ጫካ ንበይኖም ጥራይ ከም ዘለዉን ዘስተውዓለት።

ነገራት ካብ ትጽበዮ ወጻኢ ዝኾኖዋ ልእልቲ፡ “ፍቕረይ እንታይ ትብል ኣሎኻ! ኣብዚ ወላሓንቲ ነገር ኣይርእን ኣሎኹ” በለቶ።

ሰብኣያ ፍሽኽ እናበለ “እቲ ኣዝዩ ዘሰሕቕ ነገር፡ ስመይ ከማን ከይሓተትክኒ ንኽትምርዓወኒ ፍቓደኛ ምኻንኪ እዩ፡ ንሓደ ዘይትፈልጦ ሰብ ከመይ ገይርካ ክትምርዓዎ ትኽእል” ብምባል ዓው ኢሉ ሰሓቐ።

ስምዒታ ተቖጻጺራ፡ “ፍቕረይ ካብታ ዝረኣኹኻ ንሰኻ ንዓይ ኢልካ ዝተፈጠርካ ኮይኑ ተሰሚዑኒ” በለቶ።

“ደጋዊ መልክዐይን ሃብተይን ርኢኺ ኢኺ ተመርዒኺ፡ ኣነ ከምቲ ትሓስብዮ ዓይነት ሰብ ኣይኮንኩን። ስመይ ተኹላ እዩ። ምድሪ ምስ ጸልመተ፡ ናብ ተኹላ ክቕየር እየ፡ ንሰኺ’ውን ምሳይ ክትቕየሪ ኢኺ። ስለዚ ኣብዚ ጫካ ብሓደ ክንብር ኢና። ርኢኺ ልእልቲ ኩሉ ዘብለጭልጭ ወርቂ ኣይኮነን፡ ነቶም ልዕሌኺ ፍልጠትን ተመኩሮን ዝነበሮም ሰድራኺን ደቂ ዓድኽን ክትሰምዕዮም ነይሩኪ። ንስኺ ግና ብዘለኪ ነገር ክትዓግቢ ስለዘይከኣልኪ ነቲ ምሳኺ ዘየለ ሃብቲ መሪጽኪ። ስለዚ እቲ ጌጋ ምርጫኺ እዩ ኣብዚ ኣምጺኡኪ” በላ።

እታ ልእልቲ ብሽዑ ጌጋ ምርጫኣ ለይቲ ለይቲ ናብ ተኹላ እናተቐየረት፡ ደጊማ ንሰድራ ቤታን ደቂ ዓዳን ኣብ ዘይትርእየሉ ጫካ ትነብር ኣላ።

ካብዛ ዛንታ እንመሃሮ ነገር፡ ነገራት ክሳዕ ብዓይንና ጥራይ ምርኣይ ውሽጣዊ ዕምቆቶም ጸቡቕ ገይርና ክንፈልጦም ይግባእ።

## ካብ ኣደንቕቲ ባህልታት



1. ኣብ ኢንዶኔዥያ፡ ነበርቲ ባሊ ዝተባህለት ከተማ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያት ዘካይድዎ ጽንብል ኣሎ። ኣብ ግርጻናዊ ክልተ ኣስናን ይምልኡ። ዕላማ ናይዚ ባህላዊ ተግባር፡ ሰይጣናዊ ሓሳባት ከም ዝፈሩ ዝኣምኑሎም ስስዐ፡ ቁጥዐ፡ ምድንጋር፡ ቅንእን ካልእ ሕማቕ ተባራትን ከም ዘርሕቕ ይኣምኑ። ብዘይካ’ዚ ህዝቢ ባሊ ኣብ ስነ ስርዓት ቀብሪ፡ ኣብ ገጾም ማስኬራ ገይሮም እዮም ዝስዕስዑ።

2. ኣብ ስዳን፡ “መዓልቲ እሾኽ” ተባሂሉ ዝጽንበል ኣሎ። ኣብ መዓልቲ ጽንብል ነቲ ኣእሻኹ ቀብኦት ለኸዩም ኣብ ልዕሊ ማያዊ ኣካል ይኣስሩዎ እሞ ተሳተፍቲ ናይቲ ጽንብል ካብ ጃልባኦም እናነጠሩ ነቲ እሾኽ ከርክብዎ ይመጣጠሩ። እዚ ንሓደ ዓቕሚ ብጽሕና ዝበጽሐ መንእሰይ ከም መፈተኒ ብቕዓት፡ ንጠንካሬኡን ተጻዋርነቱን እዩ ዝውሰድ፡ ነዚ ብብቕዓት ዝሓለፈ መንእሰይ ድማ ምስ ዝፈተዋ ጓል ክምርዖ ይኽእል።

3. ኣብ ሩስያ፡ ኣብ ግዜ መርዓ ሰድራ ወዲ እዮም ንሰድራ ጓል ገዘሚ ዝህቡ። ሰድራ መርዓት፡ እቲ ዝተዋህቦም ገዘሚ ውሑድ ኮይኑ እንተ ተሰሚዕዎም፡ ንመርዓዊ ነታ ክምርዓዋ ዝሓሰበ ዘይትኣ ካልእ ናይ ሓሶት መርዓት እዮም ዝሰዱሉ። እዚ ማስርሕ ድማ እኹል ዝበልዎ ገዘሚ ክሳብ ዝቕበሉ ይቕጽልዎ።

4. ኣብ ሰሜናዊ ውቅያኖስ ትርከብ ቫንቱ ኣብ ትብዓል ደሴት ዝነብሩ ህዝቢ፡ ኣወዳቶም ዕድመ ብጽሕና ምስ በጽሑ ሓደ ጽንብል የካይዱ። ብዓበይቲ ደቂ ዓዶም፡ መልሓሶም ኣብ ክልተ ከም ዝጭደድ ይግበር። እቲ ዘካይድዎ ጽንብል ኣዝዩ ኣቓንዛዊ መስርሕ እኳ እንተ ኾነ፡ ከም ብጹሓት ክሕሰቡ እንተ ኾይኖም ግና ግድነት ክሓልፍዎ ኣለዎም። እዚ ንመላእ ህይወቶም ምስኦም ዝጉዓዝ መግለጺ ትብዓት እዩ።





# ኣከባቢ







ዓንደም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ዓለማዊ መዓልቲ ኣከባቢ (5 ሰነ) - ክሊማዊ ስጉምቲ

ክፍሊ ኣከባቢ - ሚ/መ/ማ/ኣከባብን
2ይን መወዳእታን ክፋል

## ምዕቃብ ህይወታዊ ብዙሕነት

ብመንጽር ክሊማዊ ፖሊሲ፡ ምጽናት ህይወታዊ ብዙሕነት፡ ዕንወት ስርዓተ ማሕደር ብምኽታል'ዩ ክሊማዊ ለውጢ ዘስዕብ። እዚ ማለት ህይወታውያን እንተጸኒቶም፡ እቲ ብውጽኢት ንጥፈታት ማሰርሕ ህይወት ናይ ዝተፈላለዩ ህይወታውያን ዝተሃንጸ ስርዓተ ማሕደሮ ይዓኑ። ከም ውጽኢቱ ናይ ምድሪ ክሊማ ንንእሽቶይ ንጥፈታት ሕብረተሰብ ተኣፋፊ ይኸውንን፡ ክሊማዊ ለውጢ ብቐሊሉ ይኽሰትን።

## ምግራብን ዳግመ ምግራብን

ኣምር ምግራብ ብመንጽር ክሊማዊ ስጉምቲ ክርአ ከሎ፡ ብዝበዝሒ ኣግራብ ምትካል ጥራይ ማለት ኣይኮነን። ዝያዱ ምግታእ ብርሰት ኣግራብ ማለት'ዩ። ምኽንያቱ፡ ብርሰት ኣግራብ ማለት ምዕናው ባህርያዊ ስርዓተ ማሕደርን ህይወታዊ ብዙሕነትን ማለት ስለዝኾነ። ምግራብ፡ ኣብ ሓደ ግዜ ክልተ ሽቶታት ክሊማዊ ለውጢ ዝወቅዕ ሽቶ'ዩ። ሓደ ምግራብ፡ ንቶም ክሊማዊ ለውጢ ዘኸትሉ ጋዛት ብምምጻው፡ ክሊማዊ ለውጢ ካብ ምኽሳት ይገትእ። ክልተ፡ ምግራብ ኣካል ምዕቃብ ህይወታዊ ብዙሕነትን ስርዓተ ማሕደርን ስለዝኾኑ፡ ሓደ ኣከባቢ ዝህልዎ ክሊማዊ ለውጢ ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ብምዕባዩ፡ ክሊማዊ ለውጢ ይከላኸል።

## ምዕቃብ ሓመድ

ብመንጽር ፖሊሲ ክሊማዊ ስጉምቲ ክርአ ከሎ፡ ምዕቃብ ሓመድ፡ ዓለማዊ ዋዒ ዝጉትእ ንጥፈት'ዩ። ምኽንያቱ፡ ምዕቃብ ሓመድ ማለት ነቶም ካርቦንዳይኦክሳይድን መተይንን ኣብ ምምጻዩ፡ ኦክስጅን ኣብ ምፍራይ ልዑል ብቕዓት ዘለዎም ተሃዋስያን ምዕቃብ ማለት ስለዝኾነ። መንእሰያትን ኮማትን ብውዱብ መገዲ ኣብ ግዜ ማእቶት ዘካይድዎም ንጥፈታት ምዝላዩ፡ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድ'ዩ። ምዕቃብ ሓመድ፡ መሬት ካርቦንዳዮክሳይድን መተይንን ናይ ምኽዛን ዓቕሙ የዛይድ።

ምዕቃብ ሓመድ ማለት ምዕቃብ ህይወታውያን ማለት'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ሓንቲ ነጥቢ ናይ ሓመድ፡ ኣሽታት ሓመሽተ ሚልዮን ህይወታውያን ይርከቡ። እዞም ህይወታውያን፡ ልክዕ ከም ኣትክልቲ ካርቦንዳይኦክሳይድ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኦክስጅን ኣብ ምፍራይ፡ መግቢ ናይ ኣትክልቲ ኣብ ምድላው ዝጠቕሙ እዮም። በዚ መንጽር፡ ምዕቃብ ሓመድ ህይወታዊ ብዙሕነት ብምዕቃብን ብምድንፋዕን ጽኑዕ ስርዓተ-ማሕደሮ ብምፍጣር ክሊማዊ ለውጢ ይገትእ።

## ምርዓም ክሊማዊ ለውጢ

ምርዓም ክሊማዊ ለውጢ ማለት ነቶም ብሰሪ ክሊማዊ ለውጢ ዝተኸስቱ ሳዕቤናት ምልምማድ ማለት'ዩ። ምርዓም ክሊማዊ ለውጢ ማለት ንሳዕቤት ክሊማዊ ለውጢ ምጉዳልን ድሌው ምኻንን ማለት'ዩ። ንጥፈታት ምርዓም ክሊማዊ ለውጢ ዝዓም ዝስዕቡ የጠቓልል።



## ምዕቃብ ማይ

ሓደ ካብ ጸልዋታት ክሊማዊ ለውጢ ምድረብዳነት ዘኸትል ዋሕዲ ማይ'ዩ። ምዕቃብ ማይ፡ ምስ ምዕቃብ ሓመድ ተሳጺ ዝትግበር ንጥፈት እዩ። ይኹንእምበር ምዕቃብ ማይ ኣካል ምርዓም ክሊማዊ ለውጢ እምበር ኣካል ምግታእ ክሊማዊ ለውጢ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ማይ ምስ ሃፈፈ፡ ሃፋ ማይ ግርንዛውስ ጋዝ ስለዝኾነ ንዓለማዊ ዋዒ ካብ ዘለዓዕሉ ጋዛት'ዩ። ምስ ምውሳኽ ዓለማዊ ዋዒ'ውን፡ ክሊ ኣየር ሃፋ ማይ ናይ ምኽዛን ዓቕሙ ስለዝዓብ፡ ዓቐን ናይ ዝሰርብ ደመና ይውሰኽ። ከም ውጽኢቱ፡ ዝዘንም ማይ ልዕሊ ዓቐን ይኸውንን ዕልቕልቕ የስዕብን። ስለዚ ብመንጽር ክሊማዊ ፖሊሲ፡ ምዕቃብ ማይ ንጽልዋ ክሊማዊ ለውጢ ዝኾነ ደርቂ ንምምኳት፡ ህላወ ህይወታዊ ብዙሕነት ንምድንፋዕ ዘገልግል ንጥፈት'ዩ። ምዕቃብ ማይ ማለት፡ ህይወታዊ ብዙሕነት ምዕቃብ ማለት'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ማይ ዝርከቡ ተሃዋስያን፡ ልክዕ ከም ኣትክልቲ ካርቦንዳይኦክሳይድ ናይ ምምጻውን ኦክስጅን ናይ ምትፋእን ባህሪ ኣለዎም። ብዝተወሰኸ፡ ምዕቃብ ማይ ማለት፡ ብሰሪ ክሊማዊ ለውጢ ክኽሰት ዝኽእል ደርቂ ምምኳት ማለት'ዩ።

### - ምትእትታው ክሊማዊ ለውጢ ዝጻወሩ ኣዝርእቲ

ደርቂ፡ ዘይሰሩዕ ዝናምን ልዑል ምቝትን ገለ ካብ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ እዮም። በዞም ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ዝተጠቕዑ ቦታታት፡ ዕብየት ኣዝርእቲ ብምስንኻል፡ ምህርቲ የጉድል፡ ፍግረመሬት ይውሰኽን ተጠቃምነት መሬት'ውን ብኣሉታ ይጸሉ፡ ውሕስነት መግቢ'ውን ይጠፍእ። እንተኾነ፡ ምትእትታው ደርቂ ዝጻወር ኣዝርእቲ፡ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ብምጽዋር፡ ፍግረመሬትን ምድረብዳነትን ይከላኸል፡ ርጉእ ተጠቃምነት መሬት፡ ቀጻልነት ውሕስነት መግቢ ሕብረተሰብ የረጋግጽ። በዚ መንጽር፡ ተጠቃምነት ክሊማዊ ለውጢ ዝጻወሩ ኣዝርእቲ፡ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ምግታእን ንሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ምልዓብን ደርቢ ረቡሓ ኣለዎ።

### - ምትእትታው ክሊማዊ ለውጢ ዝጻወሩ ህንጻታት

ንሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ዝጻወሩ ህንጻታት፡ ሓደ ካብቶም ሰብ ብዘይወት ክቕጽል ዘኽእሉ ሜላታት ምልዓብ ክሊማዊ ለውጢ'ዩ። ንሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ዝጻወሩ ህንጻታት ማለት፡ ንምሓር ዋዒ፡ ዕልቕልቕ፡ ህቦብላ፡ ደርቂን ከቢድ ዝናምን ክጻወሩን ክከላኸሉን ዝኽእሉ ማለት'ዩ። እንተኾነ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ምስ ኩነታት ናይ ሓደ ኣከባቢ ስለዝተኣሳሰር፡ ዝህልዎ ሳዕቤን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይፈላለ። ንኣብነት፡ ኣብ ኤውሮፓ ሃፈጽታ ረስኒን ህቦብላን፡ ኣብ ሰሜን ኤሺያ ዕልቕልቕን ብርቱዕ ዝናምን፡ ኣብ ሳህለ ሳህራን ደቡብ ኤሺያን ደርቅን ምድረብዳነትን እቶም ዓበይቲ ጸልዋ ክሊማዊ ለውጢ ከም ዝኾኑ ርጉጽ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ከም ውጽኢቱ ኣብዞም ዝተጠቕሱ ዞባታት ዝህልዉ መንበሪ ኣባይቲ፡ ነዞም ዝተጠቕሱ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ግምት ዘእትዉ ክኾኑ ይግባእ። ከም ውጽኢቱ ኣብቶም ኣብ ደርቂ፡ ብርቱዕ ምቝትን ዋሕዲ ማይን ዝርከቡ ህዝብታት፡ ጨፈራ ጸሓይ ናይ ምንጻግ ልዑል ብቕዓት ዘለዎ ናሕሲ፡ ገዛ እኹል ስርዓተ ርውሓት ከምኡ'ውን ማይ ዝናም ናይ ምውህላል ስርዓት ዘለዎ ህንጻታት ምስንዛዕ፡ ብሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ዝወርድ ጉድኣት ክከላኸልን ብቐሊሉ ክሰርርን ይኽእል። ብዝተወሰኸ፡ ህንጻታት፡ ካብ ተጻባይነት ዘይተተካኢ ጸዕት ናጻ ዝኾኑ ናይ ጉዛእ ኑብሮም ስርዓት ተተካኢ ጸዓት ምስ ዝህልዎም፡ ዘቤታዊ ንጥፈታት ብውህሉል ኣብ ምፍራይ ግርንዛውስ ጋዛት ዘለዎም ተራ ብምጉዳል፡ ኣብ ምግታእ ክሊማዊ ለውጢ ቀጥታዊ ኣበርክቶ ይህልዎም።

## ምሕደራ ክሊማዊ ስጉምቲ

ምሕደራ ክሊማዊ ስጉምቲ ማለት ሓንቲ ሃገር ክሊማዊ ስጉምቲ ክትወስድ ዘኽእላ ስርዓትን ፍልጠትን ክትዓጥቕ ከላ ማለት'ዩ። ብዘይ ምሕደራ ክሊማዊ ስጉምቲ፡ ንጥፈታት ምግታእን ምልዓብን ክሊማዊ ስጉምቲ ብግቡእ ኣይትግበሩን። ሓንቲ ሃገር ክሊማዊ ስጉምቲ ንክተተግብር ዘኽእልዋ ረቛሒታት ብዙሓት እዮም። እዞም ረቛሒታት ተመሳሳእትን ዘይነጻጸሉን እኳ እንተኾኑ፡ ብምልኣት ቅድሚ ምትግባርም ግን ደረጃታት ሓልዮም ክትግበሩ ዘኽእሉ እዮም። ዕላማ ናይዞም ረቛሒታት ዓለማዊ ዋዒ ዘኸትሉ ብኸላ ንምግታእ፡ ምስ ጸልዋታት ክሊማዊ ለውጢ ምልምማድ ከምኡ'ውን ኣከባቢ ኣብ ምዕቃብ ዘኽእሉ ሕጋጋት፡ ስርዓታትን ልምድታትን ንምድንፋዕ እዩ። ንኣብነት፡ ገለ ካብዞም ረቛሒታት ንምጥቃስ፡

## ስርዓተ-ሕጊ (strong legal framework)፡

እዚ ስርዓት ከም ሕጋጋት ክሊማዊ ስጉምቲ፡ መምርሒታት ኣከባብያዊ ዕቃቤ፡ መለክዒታት ተነፋእቲ ጋዛት፡ ፖሊሲ ተጠቃምነት መሬት... ዝበሉ የጠቓልል። ንኣብነት፡ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ዝኾነ ምብራስ ኣግራብ ምኽልካል፡ ካብ ኢንዱስትሪታት ዝምንጭው ትፋእ ጋዛትን ጉሓፍን ምቁጽጻር ገለ ካብቶም ኣብዚ ማሰርሕ ዝሕቆፉ ክሊማዊ ስጉምቲ እዮም።



## ሃገራዊ ፖሊሲ ንክሊማዊ ስጉምቲ

ሓንቲ ሃገር ኣብ ምትግባር ክሊማዊ ስጉምቲ ዘድልያ መርሓ ጎደና ዝኸውን ናይ ክሊይመት ፖሊሲን መደባትን ክህልዋ ይግባእ። እዞም ፖሊሲታት ዝበዝሐ ግዜ ብዓለም ደረጃ ዝቐለሱ እዮም። ምኽንያቱ፡ ክሊማዊ ለውጢ ዓለምለኻዊ ክስተት ስለዝኾነ፡ ገለ ካብዞም ፖሊሲታትን መደባትን ንምጥቃስ፡ ኣብ ትሕቲ ውዕል ፓሪስ ዝጸደቐ ጸብጻብ ዝተለለዩ ሃገራዊ ኣበርክቶ (NDC) ኣብ ክሊማዊ ስጉምቲ፡ ሃገራዊ መደባት ምልዓብ ክሊማ (NAP)፡ መደባት ሓፈሻዊ ክሉብ... የጠቓልል። ንኣብነት፡ ምትእትታው ደርቂ ዝጻወሩ ኣዝርእቲ።

## ስርዓተ ምወላ (financial mechanism)

ክሊማዊ ስጉምቲ ንምዕባዩ ዝተፈላለዩ ዓለምለኻውያን ስርዓተ ምወላ ቀይሞም ይርከቡ። ዓለምለኻዊን ኣህጉራውን ስርዓተ ምወላ (trust fund)፡ ቀረጽ ካርቦን፡ ድጎማ ንዝለቒ ሕርሻን ተተካኢ ጸዓትን ዝኣመሰሉ የጠቓልል። ዓለምለኻዊ ደገፍ ከም ምልውዋጥ ቴክኖሎጂን ገንዘባዊ ደገፍን ገለ ካብቶም ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለዩ ውዕላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንክሊማዊ ለውጢ (UNFCCC) ዝትግበሩ ስርዓተ ምወላ እዮም።

## ትካላዊ ውህደት

ዝተፈላለያ ሚኒስትሪታት ንመደባትን ፖሊሲታትን ክሊማዊ ስጉምቲ ንምትግባር ተወዳቢን ዘካይድኦ ንጥፈታት፡ እቲ ወሳኒ ኣካል ክሊማዊ ስጉምቲ'ዩ። ንኣብነት፡ ናይዚ ዓመት ዓለማዊ መዓልቲ ኣብ መንጎ ሚኒስትሪ ትምህርትን ሚኒስትሪ ሕርሻን ሚኒስትሪ ማይን መሬትን ኣከባብን ዝትግበሩ ክሊማዊ ስጉምትታት ዘንጸባርቕ'ዩ።

## ስርዓተ ቁጽጽር

ስርዓተ ቁጽጽር ነቲ ዝተታሕዘ ሃገራዊ ፖሊስን መደባትን፡ መለክዒታት ትፋእ ጋዛትን ምሕድራ ጉሓፍን ከሚካላትን፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ምግራብን ዳግመ-ምግራብን፡ ምልካዕ ዝኢዓ ናይ ዝተወጠኑ ክሊማዊ ስጉምትታትን ስርዓተ ህዝባዊ ሓበሬታን የጠቓልል። እዚ ማሰርሕ ዳህሳስ ጸልዋ ኣከባቢ ናይ ዝተፈላለዩ ትካላት፡ ንኸሰርሓ ፍቓድ ዝሃብን፡ ንጥሒሰት መለክዒታት ብኸላ ዝቆጻጸን እዩ።

## ንቕሓትን ተሳትፎን ህዝቢ

ኣብ ቤት ትምህርትታት ዝቖሙ ኣከባብያዊ መደባት ከም ሓፈሻይ ክሉብን ክሉብ ኣከባብን፡ ተሳታፍነት ኮማትን ተመሃሮን ኣብ ምግራብ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን የጠቓልሉ። ህዝቢ ክህልዎ ዝኽእል ርድኢትን ክካየዶ ዝኽእል ንጥፈታትን ኣብ ንቕሓቱ'ዩ ዝምርኮስ። ብዘይ ንቕሓት፡ ህዝቢ ካብ ንክሊማ ጉድኣቲ ዝኾኑ ንጥፈታት ኣይቁጠብን፡ ክሊማዊ ስጉምቲ ንምውሳድ ዘኽእሉ ፖሊሲታትን መደባትን ድማ ኣብ ወረቐት ጥራይ ሰፊሮም ይተርፉ። ንቕሓት እቲ እኹል ህዝቢ ናይ ባህሪ ለውጢ ብምምጻእ፡ ፖሊሲታትን መደባትን ክሊማዊ ስጉምቲ ኣብ ተግባር ዘውዕል እዩ። ሃገራዊ ፖሊሲታት፡ መደባት፡ ስርዓተ ቁጽጽር፡ ትካላዊ ወህደት ሽቶታት ክሊማዊ ስጉምቲ ዘቖሙ ረቛሒታት እዮም። ንቕሓት ህዝቢ ግን ርድኢት፡ ተቐባልነት፡ ተግባራውነት ናይዞም ሽቶታት ዘረጋግጽ ሜላ'ዩ።

ንቕሓት ህዝቢ፡ ንስፍልጠትን ፖሊሲን ክሊማዊ ስጉምቲ ከም ዘቕበሎ ይገብር። ከም ውጽኢቱ ህዝቢ ኣብ ምግታእ ክሊማዊ ለውጢ ዘስዕቡን ምልዓብ ብክሊማዊ ለውጢ ንዘስዕቡን ሓደጋታት ዝህልዎ ንጥፈታት ይሕይል። ስለዝኾነ፡ ከም ሕብረተሰብ ክንርድኦ ዘለና፡ ክሊማዊ ለውጢ ወጽኢት ንጥፈታት ህዝቢ ስለዝኾነ፡ ክሊማዊ ስጉምቲ'ውን ብደረጃ ዘቤታዊ ንጥፈታት ዝትግበር'ዩ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Planning & Reliability Superintendent HME**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 years)**

**Major Duties and responsibilities**

- The HME Planning and Reliability Superintendent is responsible for leading the planning, scheduling, reliability, and budgeting functions for the HME maintenance department to ensure safe, efficient, and cost-effective management of all mobile assets.
- The role ensures that maintenance activities are strategically aligned with asset life cycle management principles — optimizing equipment availability, reliability, and cost performance across the fleet life span.
- Ensure effective use of CMMS (SAP, Pronto, etc.) for accurate planning, cost tracking, and asset history.
- Develop and maintain reports on reliability, availability, and budget performance for leadership review.
- Implement data-driven forecasting tools for component replacement, rebuild planning, and maintenance spend.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

- Develop and implement life cycle management strategies for the mobile fleet, ensuring optimal asset utilization, cost efficiency, and value retention.
- Oversee component life tracking, replacement strategies, and equipment end-of-life assessments.
- Support long-term fleet replacement and capital planning in line with operational and financial objectives.
- Provide technical input to capital and operating budgets for mobile equipment and associated infrastructure.
- Ensure all contractors meet site safety standards and that risk assessments are completed prior to work commencement.
- Maintain quality assurance and control systems to verify compliance with design, specifications, and standards.
- Ensure all works are completed in accordance with relevant engineering codes, environmental approvals, and regulatory obligations.
- Lead the reliability team to identify and eliminate equipment defects through structured root cause analysis (RCA) and defect elimination.
- Develop reliability improvement initiatives using data-driven insights from CMMS, condition monitoring, and failure trend analysis.
- Establish reliability KPIs (MTBF, MTTR, availability, downtime analysis) and report performance against targets.
- Champion the use of predictive and preventive maintenance to reduce cost of ownership and improve asset reliability.
- 

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Bachelor's degree in Mechanical Engineering, or trade background with extensive experience.<br>• Proven experience in reliability engineering, component rebuild programs, and life cycle cost management.<br>• Strong background in maintenance budgeting, cost forecasting, and financial control.<br>• Demonstrated ability to lead planning and reliability teams in a large-scale operation.<br>• Condition monitoring & reliability certificates |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum 10 years' experience in mobile maintenance within mining, heavy industry & HME |
| Technical Skills | • Proficiency in CMMS (SAP, Pronto, or equivalent).<br>• Extensive knowledge of condition monitoring & reliability principles.<br>• RCA experience and defect elimination processes<br>• ISO 55000 asset management standards<br>• Demonstrated ability to lead planning and reliability teams in a large-scale operation.<br>• Manage component life tracking and forecasting for all major mobile equipment (e.g., engines, transmissions, final drives, hydraulic systems).<br>• Coordinate the component rebuild and replacement programs, ensuring adherence to OEM specifications, cost control, and quality assurance.<br>• Interpret condition monitoring data.<br>• Understand OEE, MTBF & MTTR principals.<br>• Understand Pf interval curve. |
| Behavioral Skills | • Coach and develop planning and reliability engineers, building strong technical and analytical capability within the team.<br>• Drive a proactive maintenance culture focused on safety, reliability, and cost discipline.<br>• Promote continuous improvement and innovation in maintenance and reliability practices.<br>• Collaborate with operations, supply, and OEM partners to enhance maintenance execution, reliability, and cost efficiency. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Definite Period ( 2 years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered a3s potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ዝኽሪ ሰነ

## ባህሊ ሰማእታት

ኣሰር ሰለሙን

ወዲ ሰብ፡ ኣብ ውልቃዊ ህይወት ንላዕሊ ዝዓዘዘ ትርጉም ኣብ ዘለዎ ምሕቡር ህይወት እዩ ዝነብር። መሰረት ህላወን ቀጻልነትን ማሕበራዊ ህይወት ከኣ፡ ብቐንዱ እቲ ንዕኡ ዝጠምር ባህልን ክብርታትን'ዩ። ንሃገር ዘቐውም፡ መሬትን ህዝቢን ጥራይ ኣይኮነን። እኳ ድኣ እቲ ዝዓበየ፡ ኣብ ኣእምሮ ሰባት ዝሰረጸ ባህልን ክብርታትን ንሱ ዝፈጠሮ ሓባራዊ ታሪኽን'ዩ። ስለዚ፡ ልኡላውነት ኣብ መሬት ንላዕሊ ኣእምሮ ሰባት'ዩ ሰፊሩ። ሓባራዊ ታሪኽ'ዩ መሰረቱ።

ኤርትራውያን፡ ተጻባኢ ባህርይ ዘይብልና ክንስና፡ ብሰንኪ ዓይኒ ዝስሕበ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣን ጸጋታትን ሃገርና፡ ንስለ ረብሓ ዓበይቲ ሓይልታት፡ ኣብ ካርታ ዓለም ክንሕከኽ ተፈሪድና ዝነበርና ኢና። ድሕሪ ናጽነት እውን እንተኾነ እፎይ ኢልና ሰላማዊ ህይወት ከይንመርሕን ሃገርና ከይንሃንጽን፡ ብዙሕ ተጻብኦታት ገጢሙና። የግዳስ፡ እዚ እልቢ ዘይብሉ ተጻብኦታት'ዚ፡ ኤርትራዊ ሃገርነትን መንነትን ክጥፍእ ኣይተኻእለን። እቲ ምንታይ ክንዮ ውልቃዊ ህይወት፡ ህይወት ህዝቢን ሃገርን መጻኢት ወለዶታትን ዘቐድም ኤርትራዊ ባህልን ክብርታትን ብቐሊሉ ክሰዓር ኣይክኣለን። እኳ ድኣ ንኹሉ ጊንጢታት ሰጊሩ ህላወን ቀጻልነትን ሃገር ብኣንጸባራቒ ታሪኽ ኣውሒሱ። እዚ ብርቂን ዘሐብንን ሃገራዊ ታሪኽና፡ ብቐንዱ ውጽኢት ባህሊ ሰማእትነት እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ንኣስታት 80 ዓመታት ኣብ ልዕሊኡ ዝተጻዕነ ውዲታትን ተጻብኦን ዓበይቲ ሓይልታት ፈንጢሱ ተዓዊቱ ክወጽእ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብዚ ብቕልውላዋት ዝሕመሰ ዘሎ ዞባ፡ ዘተኣማምን ውሽጣዊ ሰላም፡ ርግኣትን ሃገራዊ ስኒትን ውህደትን ዘለዎ ህዝብን ሃገርን ክኸውን ዝበቐዐ፡ ፍሉይ ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ ስለዘለዎ ዘይኮነ፡ ኣብ ነዊሕን ዝተሓላለኸን መስርሕ ከቢድ ዋጋ እናኸፈለ ብዘኹስኵሶ ባህሊ እዩ። ብኣገላልጻ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፦

"ባህሊ ኣብ ዝተወሳሰበ ስርዓተ ክብርታት (Value System) ዝንደቕ እዩ። ስርዓተ ክብርታት ከኣ፡ ኣብ ሓደ ህሞት ወይ እዋን፡ ብዝንደበት ወይ ብዕድል ዝፍጠር ዘይኮነ፡ ግዜ ኣብ ዝወስድ ከቢድ ቡዳዒ መስርሕ ዝውህለልን ዝዕቀብን ዝወራረስን እዩ።"

ዕማም ምውራስ ባህሊ ሰማእታትን ምፍራይ ጀጋኑን እምበኣር ወትሩ ኣብ ቅድሚት ክስራዕ ዝግባእ ዋሕስ ቀጻልነት ሕብረተሰብ እዩ። እቲ ዝውረስ ባህሊ ሰማእታት ግን ከመይ ዝኣመሰለ እዩ?

### 1. ፍቕሪ ሃገር

ፍቕሪ ሃገር፡ እቲ ብቐዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ባህሊ ሰማእታትና ኮይኑ፡ ቀንዲ ምንጪ ባህሊ ጅግንነትን ተበጃውነትን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ባርነት ተገላጊሉ፡ ሰብኣዊ ክብሩ ክረጋገጽ ዝኸኣለ፡ ሓያል ፍቕሪ ሃገርን ህዝብን ዘለዎም ኣእላፍ ጀጋኑ ከፍሪ፡ ባህሊ ጅግንነትን ሃገራዊ ፍቕሪን ኪኹስኩስ ስለዝኸኣለ እዩ።

ብፍቕሪ ሃገርን ህዝብን ዝከደዱ፡ ኩሉ ውልቃዊ ህይወት መሒኖም፡ ሃገራዊን ህዝባዊን ባህጊ ንምጭባጥ ዝቃለሱ ምሩጻት ዘርኢ እንተዘየፍራ፡ ብርግጽ ህላወኡ ነበረ'ያ ነበረ ኮይኑ ምተረፈ። ልዕሊ ህላወኡም ህላወ ህዝብን ሃገርን ብምስራዕ፡ "ኣነ ክሓልፍ ንስኻ ጽናሕ" እናተባሃሃሉ፡ በኻ ህዝቦም ዝሓለፉ ሰማእታትና እምበኣር፡ ኣካላዊ ሞት እንተሞቱ ንህይወት ነፍሲ ወከፍና ምስ ልኡላዊ ክብረት ኣቑሞም ዘለው ንሶም እዮም። ህይወት ህልዋት ጥራይ ዘይኮነ ህይወት መጻእቲ ወለዶታት ዝልምልም ድማ፡ ባህሎም እናተወርሰ ምስዝቐጽል ጥራይ እዩ።

ዕላማ ተወፍዮም ስለዝሰርሑ እዮም ናጻ ሃገር ክረክቡና በቒዖም። ስእነት ሃገራዊ ስኒት ክሳብ ክንደይ ንህላወ ሓደ ሕብረተሰብ ከምዝፈታትን፡ ተሞኩሮ ብዙሓት ህዝብታት ክዝርዝር ይከኣል እዩ። ኤርትራውያን እውን እዚ ጸገም'ዚ ኣብ 50ታትን 60ታትን ብመጠኑ ጸልዩና እዩ። ገድሊ ኤርትራ ብሰንኪ ከፋፋሊ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታት ኣብ 60ታት ንስዕረትን ምብትታንን ተገምጊሙ ምንባሩ ኣይርሳዕን። ሳላ'ቶም ተባዕትን ብሱላትን ሰማእታትና ግን፡ ከቢድ ዕንወት ከይብጽሕ፡ ከፋፋሊ መስመር ብኢጋ ተኣሪሙ፡ ኩሉ ሃገራዊ



ከምዝፍለጥ ንሃገራዊ ናጽነት፡ ነፍሲ ወከፍ ስድራቤት ኤርትራ ሞባእ ከፊላ እያ። ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መስዋእቲ ዘይጸለዋ ስድራቤት ኣላ ክበሃል ኣይከኣልን። ፍቕሪ ሃገርን ተበጃውነትን እምበኣር፡ ኣብ ቤት ነፍሲ ወከፍና ዝርኹብ ዘሐብን ሃገራዊ ክብሪ እዩ። ሳላ'ዚ ብሉጽ ሃገራዊ ክብሪ ኢና፡ ክንመውት ዝተፈረድና ክንሰርርን ክንጥጥዕን ዝኸኣልና። ዋሕስ ቀጻልነትና ድማ ንሱ እዩ።

### 2. ብጻያዊ ሓልዮት / ሓድሕድ ምክባር

"ሕማቕ ሓጺንን ሕማቕ ሰብን የልቦን" ፍሉጥ ጭርሖ ኤርትራውያን ሰማእታት እዩ ነይሩ። ንሰማእታትና፡ ሰብ ምኹስኳስ ቀንዲ ዕማም ምውሓስ ቀጻልነት ሃገራዊ ቃልሲ እዩ ነይሩ። ንንኣሸቱ ምትብባዕ፡ ሞራል ምሃብ፡ ኣብኡ ኳንካ ምምራሕ፡ ንቕሓትካን ክእለትካን ምስግጋር ባህሊ ሰማእታትና እዩ። ሓደ ኣብ ዓበይቲ ምስጢራት ዓወት ሃገራዊ ቃልስና እቲ ብጻይነት ተባሂሉ ዝግለጽ ሓድሕዳዊ ምኽባርን ሓልዮትን እዩ። ዘኽብርዎን ዝተባብዕዎን ሰብ፡ ኩሉ ክቡር ከምዝኸእል ሰማእታትና ብግብሪ ኣረጋጊጾምልና እዮም፡ ዓለም ብዓለማ ኣይከኣልን ዝበሉቶ ቃልሲ ኣንጻር ሓያላት ከምዝከኣል ዝገበረ፡ በዚ ባህሊ'ዚ ዝተኹስኰሰ ውፉይ ሰብ እዩ። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንቑሕ፡ ውፉይን ጽኑዕን ሰብ ካብ ሓጺን መጺን ከምዝሕይል ኣረጋጊጽዎ እዩ።

### 3)ሃገራዊ ስኒት

ሰማእታትና፡ ሃገራዊ ሓድነት ምንጪ ዘይጸዓድ ሓይሊ እዩ ኢሎም ስለዝኣመኑ፡ ንኹሉ ከፋፋሊ ትሕተ ሃገራዊ ስምዒታትን ተግባራትን ወጊድ ኢሎም፡ ንመላእ ህዝቢ ኣብ ሓደ ዕላማ ኣሰሚሮም፡ ንሃገራዊ

ዓቕሚ ብስኒት ናብ ሓደ ዕላማ ከምዝቐንዕ ኮይኑ። እዚ ጸገም'ዚ፡ ሓንሳብ ስለዝተሰግረ፡ ኣይደግሰን እዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ደግሲ ከይህሉ ከኣ ወትሩ ሃገራዊ ስኒት ከም ብሌን ዓይኒ ክሕሎ ዘለዎ እዩ።

### 4) ፍትወት ሓቂ፡ ፍትሒን ማዕርነትን

ምንጪ ብርቱዕ ሃገራዊ ፍቕርን ተበጃውነትን እምነት ኣብ ሓባራዊ (ሃገራዊ) ዕላማ እዩ። እምነት ኣብ ሓባራዊ ዕላማ ድማ መሰረቱ ፍትሒ እዩ። ፍትሒ እቲ ቀንዲ መጣምር ሕብረተሰብ እዩ። ጥምረት ደቂሰቦት ብፍትሒ እዩ ዝረጋገጽ። ፍትሒን ማዕርነትን ምስዝጥሓስ፡ ጥምረት እናዘለቐ ናብ ምብትታን እዩ ዝምርሕ። ሰማእታትና ነዚ ሓቂ'ዚ ብዕምቈት ብምግንዛብ እዮም፡ ፍትወት ሓቂ፡ ፍትሒን ማዕርነትን ባህሎም ክኸውን ዝመረጹ። ብባህሊ ሰማእታትና፡ ሓላፍነት ዝስከም ሰብ፡ ኣገልጋሊ ፍትሒን ሓቅን ማዕርነትን እዩ። ወትሩ እናተሳሕለን እናሓየለን ብብቕዓት ክመርሕ እንተኾይኑ ድማ፡ ንባዕሉ እውን ቡቲ ዝሰርሖ ተሓታቲ ክኸውን ይግባእ። ነቐፌታን ነብሰ ነቐፌታን፡ ሓቂ፡ ፍትሒን ማዕርነትን ከይድቁስ ዝከላኸል ባህሊ ሰማእታትና እዩ። ኣብቲ ንሶም ዝሃነጽዎ ገድላዊ ህይወት፡ ከይተኣረመ ዝሓልፍ ጌጋ ኣይነበረን። ኩሉ ተቓላሳይ፡ ዝረኣዮ ጌጋታት ክነቕፍ፡ ተበዲለ ዝበል ሓቅታቱ ኣፍሲሱ ፍትሒ ክረክብ ምሉእ መሰል ነይሩዎ። እዚ መሰል'ዚ ድማ፡ እምነት ናይቲ ተቓላሳይ ሰብ ኣሐይሉ፡ ንሃገሩን ህዝቡን ልዕሊ ኑብሱ ከምዝፈቅር ገይሩዎ።

### 5) ፍቕሪ ስራሕን ትምህርቲን መሃዙትን

ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ክትሰዋእ ምኳንካ እናፈለጥካ፡ ኣብ ቀጻሊ ትምህርቲን ስልጠናታትን ተጸሚድካ ብቕዓትካ ክብ ምባል፡ ብስራሕ ዘይምግባዝ፡ ጸገማትን ሕጽረታትን ብብልሓትን መሃዙትን ምስጋር፡ ገለ ካብ ብሉጽ ክብርታት ሰማእታትና እዩ። ሰማእታትና፡ ትምህርቲ ብቕዓትካ ኣሐይሉ ዓቕምኻ ብዕጽፈታት ኣራቢሑ፡ ነቲ ተፍቅሮ ህዝብን ሃገርን ዝያዳ ክተበርክተሉ የኽእለካ'ዩ ዝብል እምነት ስለዝነበሮም፡ ኣብ ትምህርቲን ምምዕባል ክእለትን ዝነበሮም ድሌት መዐቀኒ ኣይነበሮን። ሰማእታትና ካብ ብቓላት ብስራሕን ብግብራዊ ውጽኢትን ምዝራብ እዮም ዝፈትው። ንስራሕ ዝተዓደለ ኣእምሮ ብዘይካ ክንብር'የ ምባልን ብሉጽ ሕልምታት ምሕላምን ካልእ ስለዘይሓስብ፡ ሰማእታትና ንቤላ በለው፡ ሕሜታ፡ ምጥቛዕ ክፍኣትን ተንኮልን ዝኸውን ግዜ ኣይነበሮምን። ሳላ'ዚ ብሉጽ ባህሊ'ዚ ድማ፡ ብሰንፈላል ዝሓልፍ ግዜ ስለዘይነበሮም፡ ኣብታ ሓጻር ህይወቶም፡ ብዙሕ ዓሚሞም፡ ብዙሕ ኣፍርዮም፡ ነባሪ ሓወልቲ ተኺሎም።

### 6. ተጻዋርነት

ኣብ ባህሊ ሰማእታትና ተጻዋርነት ከም ክቡራ ዓንዲ ማእከል ናይ ኩሎም ክብርታት'ዩ። ምኽንያቱ፡ ሃገራዊ ፍቕሪ ብግብሪ ንምርኣይ ዝጠልቦ ተጻዋርነት ኣሎ። ጅግንነት፡ መዓንጣን ድፍረትን ጥራይ ዘይኮነ ልዑል ተጻዋርነት ይሓትት። ስእነት፡ ሕሱም ጥሜት፡ ጽምኢ፡ ከቢድ ዕርቃን ወዘተ. ምጽዋር እቲ ዝዓበየ መግለጺ ናይ ጅግንነትን ተብዓትን እዩ። ንስለ ሓቅን ፍትሒን ጸኒዕካ ደው ምባል ብዘይ ተጻዋርነት ዝከኣል ዕማም ኣይኮነን። ኣብቲ ህዝቢ ኤርትራ ብዘይ ዝኾነ ሓገዝ፡ ኣንጻር ሓያላት ዝረባረበሉ ዝነበረ ጽንኩር ገድላዊ ህይወት፡ "ትሕዝቶና'ዩ" ዝብል ሓረግ ዝውቱር'ዩ ነይሩ። ከም ትሕዝቶኻ'ዩ ዝንብር። ትሕዝቶ ኣብ ዝውሕደሉ እዋን፡ ብትብዓት፡ ትዕግስትን ተጻዋርነትን ቃልስኻ ቀጺልካ ትሕዝቶኻ ምዕዛዝ እምበር ካልእ ምርጫ የለን። "ጸዋሪት ንኹን! ሰብ ዓቢይ ዕላማ ኢና፡ ተጻዋርነት እንተሎ ጸገም ሓላፊ'ዩ" ልሙድ መግለጺ'ዩ። ብርግጽ ድማ፡ ኤርትራዊ ተጋዳላይ፡ ፍርቂ ከብዱ፡ ኣብ ጠልጠል ኣጻድፍ እናሓደረ፡ ቀዝሒን ሃሪን፡ ሕሱም ጥሜትን ጽምኢን ተጻዊሩ'ዩ፡ ነቲ ኩሉ መሪርን ደማዊን ግጥማት ብዓወት ሰጊሩዎ። ኣብቲ ጽንኩር እዋን፡ ተጋዳላይ ዕርቃኑ ንምሽፋን፡ ጡጥን መርፍእን ኣላጊቡ፡ ብኢዱ ኣጭርቒቱ እናተኻኸበ'ዩ ዝነብር ነይሩ። ኣጸዋር ዘሰንቐ ደጋፊ ኣይነበሮን። "ንጸላኢ ብበረቱ ብጥይቱ!" እዩ ነይሩ ጭርሖኡ። እዚ ጭርሖ'ዚ፡ ድሌት እንተሎ ኣብ ባዶ ነቒልካ እውን ዕላማኻ ምዕዋት ከምዝከኣል እዩ ዘመልክት።

### 7. ርእሰምትእምማን

ርእሰ ምትእምማን እቲ ጉሉሕ መለለዪ ባህርይ ሰማእታትና እዩ። ሰማእታትና ብኣተሓሳስባ ይኹን ብግብሪ ኣብ ነብሶም እዮም ዝኣምኑ። "ንጸላኢ ብጥይቱ ብበረቱ" ፣ "ርእስኻ ምኽኣል" ዝብሉ ጭርሖታቶም፡ ንልዑል ርእሰ ተኣማንነቶም እዩ ዝገልጽ። ኣብ ፖለቲካ፡ ካብ ባይዛንታዊ ትንታነታትን ፍልስፍናታትን ንላዕሊ ንሃገራዊ ዕላማኦም እዮም ዘቐድሙ። ኣብ ቁጠባ፡ ኣብ ውሽጣዊ ዓቕምታትካ ምምርኳስን ንዕኡ ኣብ ምምዕባልን እዮም ዘድህቡ። ኣብ ባህሊ፡ ንባህላዊ ውርሻታቶም እዮም ዘድንቑ። ክንዲ ዝኾነ፡ ንዝገጠሞም ጸገም ካብ ካልእ ድሕነትን መዋጽኦን ከይተጸበዩ፡ ብጻዕሮምን መሃዙቶምን እናፈተሑ ይምርሹ።

ባህልን ክብርታትን ሰማእታትና ብሕጽር ዝበለ ተጠቒሱ ኣሎ። ጉዕዞ ሕብረተሰብ ከኣ ቀጻሊ እዩ። ሕብረተሰብ ህላወኡ ጥራይ ዘይኮነ፡ ቀጻሊ ምዕባለኡ እውን ኣብ ክብርታቱ'ዩ ዝምርኮስ። ባህጊ ምዕባለን ስልጣነን ኪሰምር ንስልጣነ ዝበቅዕ ክብርታት ክህልዎ ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ ክብርታት፡ ጥሙር ራእይ ኣብ ምፍጣር፡ በዚ መገዲ'ዚ ድማ ሓባራዊ ዕላማን ምዕቡል ኣተሓሳስባን ኣብ ምህናጽ፡ ዓያይነትን መሃዙትን ኣብ ምድራኽ፡ ካብ ኩሎም ጸጋታት ንላዕሊ ዝዓበየ ግደ ዝጻወቱ፡ ምኳኖም ናትናን ናይ ካልኦትን ታሪኽ ምስክር እዩ።

ኤርትራውያን፡ ድሕሪ ነዊሕ ናይ ኩናትን ተጻብኦን መዋእላት፡ ኣብ መሰጋገሪ መድረኽ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ንርከብ ኣለና። እዚ ሓድሽ መድረኽ ክህልዎ ዝኽእል ብድሆታት ከም ናይ ትማሊ ብዓወት ክንሰግሮ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዓቕርዎ ዘሎ ዕድላት ብኣድማዕነት ክንጥቀመሉ ኣብ እንሕትተሉ እዋን ድማ ኣለና። ነዚ ብኸመይ ክንፍጽሞ ንኽእል? በየናይ ጸጋታትን ዓቕሚን? መድረኻዊ ሕቶ እዩ።

ከምቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ናይ 20 ሰነ 2019 መደረኡ ዘቐላሕዎ፡ ነዚ ክንብር ዝኽእል ሕጂ'ውን ሰብን ክብርታቱን እዩ።

"ባህርያውን ንዋታውን ቴክኖሎጂያውን ፋይናንስያውን ካልእን ጸጋታት፡ ኣገዳሲ ተደላዪታት ልምዓት እዩ። ልዕሊ ኩሉ ግን ጸጋ ሰብ እዩ። ጸጋ-ሰብ ብዓይነት ሰብ፡ ሞያዊ ክእለትን ተሞኩሮን። ዓይነታዊን ሞያን ክእለትን ተሞኩሮን ግን፡ ዝኹነ ኣሃዝ ወይ ፍቕዲ ይሃልዎ፡ ኣራብሒ ረቛሒ ክህልዎ የድሊ። ተወፋይነት ዝሕመረቱ፡ ስሰዐን ርእሰ ፍትወትን ወጊድ ዝበለ፡ ዘይሕለልን ተበላሓቲን ጸዓተኛ፡ ብጽፈት ዝተወደበ ጸጋ-ሰብ። ኬድና ኬድና ናብ መበቆል መንነትና ክንምለስ ኣሎና ማለት እዩ። መበቆል መንነትና ሰማእታትና ዘውረሱና ክብርታትን ባህልን።"
ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ 20 ሰነ 2019

"ናብ መበቆል መንነትና ክንምለስ" ክበሃል እንከሎ፡ 'ደርቢናዮ ጸኒሕና' ማለት ኣይኮነን። እቲ ክብርታት ምሳና ዘሎ እዩ። ንሱ'ዩ ናብዚ መድረኽ'ዚ ኣብጺሑና። ናብ መበቆል መንነትና ምምላስ ማለት እምበኣር፡ ነቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ባህልን ክብርታትን ዝያዳ ምሕሳኑ፡ ዳግም ምኹልዑ፡ ምጥንኻሩን ናብ ተረከብቲ ወለዶታት ምስግጋሩን ማለት እዩ። ኣብ ቅድሜና ንዘሎ ብድሆታትን ዕድላትን ክንበቕዖ፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት፡ ኣብ ትምህርቲ፡ ስራሕ፡ ስነምግባር ወዘተ..፡ ነዚ ክብርታትን መንነትን'ዚ ዝወረሱ እልፊ ኣእላፍ ጀጋኑ ናይ ምፍራይ ብቕዓት ክህልወና የድሊ።

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ማእከል - ውድድር ባድሚንቶን ናብ መዛዘሚ መድረኽ

ብምኽንያት በዓል ናጽነት ካብ 16 ግንቦት ኣትሒዙ ብፌደረሽን ባድሚንቶን ዞባ ማእከል ክካየድ ዝጸንሐ ውድድር ባድሚንቶን ናብ ናይ መዛዘሚ መድረኽ በጺሑ።

እዚ ኣብ ሰለስተ ክሊ ዕድመ ማለት ትሕቲ 15ን 19ን ዓመትን ከምኡ'ውን ልዕሊ 19 ዓመት ብክልተኡ ጾታን ብሕውስዋስ (ማለት ብክልተኡ ጾታ ብዘቖማ ጋንታታት) ክሰላሰል ዝጸንሐ ውድድራት፡ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ውድድራቱ ድሕሪ ምዝዛም፡ ናይ ልዕሊ 19 ዓመት ግጥሚቱ ድማ ኣብ መፈጸምታ ኣብጺሒዎ።

ኣብ ናይ ልዕሊ 19 ዓመት ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት፡ ንሊዩኩን ሙሉእጌታ 2-ብ0 ዝሰዓረ ሳሙኤል ሃይሉ ሳልሳይ ደረጃ ክሕዝ እንከሎ፡ ቅዱስ የናስ ንፋትኤል ኣርኣያም 2-ብ0 ብምርታዕ ቀዳማይ ወጺኡ። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ሊንዳ ከሰተ ንሳሮን ወልደኣብ 2-ብ0 ብምስዓር ሳልሳይ ደረጃ ክትሕዝ እንከላ፡ ንሄርሜላ ብርሃን 2-ብ0 ዝረትዐት ዳናይት ብንያም ከኣ ቀዳማይ ደረጃ ሒዛ።

ንክብቢ ሓደ ወርሒ ክካየድ ዝጸንሐ ውድድራት ባድሚንቶን ዞባ ማእከል፡ ሎሚ ካብ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቐ ኣብ ጅምናዝዩም ሃማመተኤ ብዝካየድ ውድድራት መጋረጃኡ ክዓጽው እዩ። ኣብዚ ሎሚ ዝካየድ ውድድራት ድማ ናይ ትሕቲ 19 ዓመት ተወዳደርቲ ሓያት ኢብራሂም ምስ ኢለና ከሰተ ከምኡ'ውን ብድርብ ውድድራቶም ዘካይዱ ደቂ-ተባዕትዮ ኢያቤድ መድሃኔን ኤልሻዳይ ሙሴን ኣንጻር ዓብደልቃደር ዓብደልኪያርን ሙሳኤል ብርሃነን ግጥሞም ከሰላስሉ'ዮም። ልዕሊ 19 ዓመት ተጻወትቲ ብሕውስዋስ ኣብ ዘካይድዎ ግጥም ድማ ፋትኤል ኣርኣዶምን ዳናይት ብንያምን ምስ ቅድስ የናስን ሄርሜላ ብርሃነን ጸወታኦም ከሰላስሉ እዮም።

## መንግስቱ ጋና ናብ ካናዳ ሕቶ ኣቕሪቡ



መንግስቲ ጋና፡ ንተጻዋታይ ሃገራዊት ጋንታ ጋና ቶማስ ፓርተይ ናብ ካናዳ ከይኣቱ ብምኽልካሉ፡ "ዘይፍትሓዊ" ኢሉ ብምግላጽ፡ መግለጺ ከውሃቦ ሓቲቱ።

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ኣርሰናል ዝነበረ ቶማስ ፓርተይ፡ ናብ ካናዳ ንምእታው ዝቐረቦ ናይ ቪዛ ሕቶ ተኣሊዩ ይርከብ። በዚ መሰረት፡ ኣብቲ ሃገሩ ረብዑ ኣንጻር ፓናማ እተካይዶ ናይ ምድብ ጸወታ ኣይክህሉን'ዩ።

ቶማስ ፓርተይ፡ ካብ 2020 ክሳዕ 2022 ኣብ ዘሎ ግዜ ፈጺምዎ ብዝተባህለ፡ ዓመጽን ጾታዊ ግህሰትን ብዝተፈላለያ ኣርባዕተ ደቂ-ኣንስትዮ ክሲ ከም ዝተመስረተሉ ዝፍለጥ'ዩ። ጉዳዩ ኸኣ፡ ኣብ መስርሕ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

መንግስቲ ጋና እዚ ጉዳይ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "እቲ ውሳነ ርዱእ'ዩ፡ ገበኛ ኸይኑ ዝይተረኸበሉ ዝተወዝገበ ጉዳይ ኣብ ግምት ብምእታው ዝተዋህበ።" ድሕሪ ምባል፡ ንጉዳይ ፓርተይ ንምፍታሕ ዲፕሎማሲያዊ ጻዕሪ ክጉበር ምዃኑ ገሊጹ ይርከብ።

መርበብ ሓበሬታ መንግስቲ ካናዳ ኣብ ዘዘርግሖ ሓበሬታ፡ "ገበን እንተ ፈጺምካ ወይ ናይ ገበን ፍርዲ እንተ ተዋሂቡካ ናብ ካናዳ ክትኣቱ ኣይፍቐደካን'ዩ" ኢሉ።

ቶማስ ፓርተይ፡ ኣብዚ ግዜ ብሰንኪ እቲ ዝተውሃቦ ውሳኔ ኣብ ቦስተን ኣመሪካ ኣብ ዝርከብ ናይ ሃገራዊት ጋንታ ጋና ናይ ልምምድ ስፍራ ይርከብ። መንግስቲ ኣመሪካ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ኣፍልጦ ከም ዘለዎ ብምግላጽ፡ ኣብዚ ግዜ ገበኛ ስለ ዘይተባህለ ግን፡ ናብ ኣመሪካ ብዘይ ጸገም ክኣቱ ከም ዝኸኣለ ሀኢቢሩ።

ኣብ ምድብ 'ኤል' ተደላዲላ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ጋና፡ ድሕሪ እዚ ናይ ረቡዕ ጸወታኣ፡ 23ን ከምኡ'ውን 27ን ሰነ ምስ እንግሊዝን ክሮሽያን ኣብ ኣመሪካ ጸወታኣ ክተካይድ እያ። ካብ ምድባ እንተ ሓሊፋ ድማ፡ ኣብ ካናዳ ጸወታ ክተካይድ'ያ። እዚ ኣብ ግምት ብምእታው'ዩ ኸኣ፡ መንግስቲ ጋና ሕቶ ዘቕረበ ዘሎ።

## መደብ ጸወታ ዋንጫ ዓለም

### ሎሚ

ብራዚል - ሞሮኮ 1፡00 ቅ.ቐ
ሀይቲ - ስኮትላንድ 4፡00 ቅ.ቐ
ኣውስትራልያ - ቱርኪ 7፡00 ቅ.ቐ
ጀርመን - ካራሳኦ 8፡00 ድ.ቐ
ሆላንድ - ጃፓን 11፡00 ድ.ቐ

### ሰኑይ

ኣይቮሪኮስት - ኤኳዶር 2፡00 ቅ.ቐ
ሽውደን - ቱኑዝያ 5፡00 ቅ.ቐ
ስጳኛ - ኬፕቨርደ 7፡00 ድ.ቐ
በልጅዩም - ግብጺ 10፡00 ድ.ቐ

## ውጽኢት ዋንጫ ዓለም 2026

ዋንጫ ዓለም 2026፡ 11 ሰነ ወድድሩ ካብ ዝጀመር ሓያሎ ግጥማት ኣሰላሲሉ ይርከብ። ዛጊት ናይ ሎሚ ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንሕትመት ካብ እትኣቱ ተሰላሲሉ ኣብ ዘሎ ግጥማት፡ እዚ ዝስዕብ ወጽኢት ተረኺቡ ይርከብ፣

ሜክሲኮ - ደቡብ ኣፍሪቃ 2-ብ0፡ ደቡብ ኮርያ - ቸክ 2-ብ1፡ ካናዳ - ቦዝንያ ሄርዘጎቪንያ 1-ብ1፡ ኣሜሪካ -ፓራጓይ 4-ብ1 ተዛዚሙ። ቀጠርን ስዊዘርላንድን ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ ሕተመት እንከላ ጸወታኦን ዘሰላስላ ክኸና እንከለዋ፡ ኣብ መደብ ጸወታ ተገሊጹ ዘሎ ግጥማት ድማ ሎሚን ጽባሕን ክሰላሰል'ዩ።

## ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ተዘሚታ

ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 እትሳተፍ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ትማሊ ቀዳም ንልምምድ ናብ ከተማ ካንሰስ ቅድሚ ምምጽኣ ኩሉ ናይ ልምምድ መሳርሒኣ ከም ዝተዘምተት ተገሊጹ።




ንብረት ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ጽዒና ዝነበረት ኣውቶቡስ፡ ናብ ከተማ ካንሰስ ድሕሪ ምቕራባ፡ ኣብኣ ዝነበረ ከዓሰሱን ጫማ ተጻወትቲን ግዳይ ቀጠፍቲ ከም ዝኾነ 'ቢቢሲ' ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ ገሊጹ። ብዓሊሚ ቶማስ ቱኸል እትስልጠን ዘላ ሃገራዊ ጋንታ እንግሊዝ ትማሊ ቀዳም ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ልምምድ ክተካይድ መደብ እኳ እንተ ነበራ፡ ናይ ልምምድ መሳርሒታታ ግን ኣብ ሰዓቱ ክርከብ ብዘይምኽኣሉ፡ እቲ ተሓሲቡ ዝነበረ ልምምድ ከም እተሰናኸለ ወሲኻ ገሊጹ።

እዚ ጉዳይ ምስ ፊደረሽን ኩዕሶ እግሪ ብሓባር ዝከታተል ዘሎ ኣሃዱ ፖሊስ ከተማ ካንሰስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምስዚ ገምታ ናይ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ምትእስሳር ዘለዎም ክልተ ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ከም ዝኣተዉ ሓቢሩ። ኣፈኛ ፖሊስ ካንሰስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "እዛ ናይ ጋንታ ንብረት ሒዛ ዝመጸኣት ኣውቶቡስ ዝዘሙቱ ኣካላት ንምርካብ መርመራ ይካየድ ኣሎ" ክብል ገሊጹ።

እዚ ገምታ ንብረት ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ኣብ ረቡዕ ኣንጻር ሃገራዊት ጋንታ ክሮኤሽያ ዘለዋ ጸወታ ኣብ ግምት ኣእቲያ ክተካይዶ ሓሲባ ዝነበረት ልምምድ ኣዘናቢልዎ ከም ዝርከብ ተገሊጹ። በዚ መሰረት ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ሎሚ ሰንበት ናይ ምሉእ ግዜ ልምምድ ክተካይድ ተገዲዳ ከም እትርከብ ተሓቢሩ። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዓስኪራ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ኣብ ምድብ 'ኤል' ተደላዲላ ትርከብ። ረቡዕ 17 ሰነ ምስ ክሮኤሽያ ቀዳማይ ጸወታኣ ድሕሪ ምኽያድ፡ ዕለት 23 ከምኡ'ውን ዕለት 28 ምስ ሃገራውያን ጋንታታት ጋናን ፓናማን ጸወታኣ ክተሰላስል እያ።

## ሃንደበት ኣመሪካዊ ብምዃን ኣብ ዋንጫ ዓለም ዝደምቐ ዘሎ ኮኾብ

ዓርቢ ምሸት ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ናይ ፈለማ ዋንጫ ዓለም ብዓወት መዊኣቶ። ኣመሪካ ኑቲ ክልተ ሸቶ ዘቖጻረላ ብሉጽ ብቕዓት ዘመስከረ ፎላሪን ባሎጋን ምስጋና ይኹኖ፡ እዚ ናይ መኽፈቲ ጸወታ 4-ብ1 እያ ዛዚማቶ።



ባሎጋን ሓደ ካብ ከዋኽብቲ እዛ ሃገራዊት ጋንታ ክኸውን ዝጦቐዐ'ዩ። ብልክዕ እዚ ተጻዋታይ ኣመሪካዊ ክኸውን ኣይግብኦን'ዩ፣ ግን ብሃንደበታዊ ክስተት ኣመሪካዊ ክኸውን በቒዑ።

ባሎጋን ንሱ ስድራቤቱን ኣብ ሎንደን ይነብሩ። ቁልዕነቱ ኣብ እንግሊዝ ኣሕሊፍዎ። ኣብ ኣካዳሚ ኣርሰናል'ውን ስልጠና ኩዕሶ እግሪ ቐሲሙ። ብልክዕ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ንሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ እዩ ክውክል ዝግባእ ነይሩ። ኣቦኡን ኣዲኡን'ውን ናይጀሪያውያን ብምዃኖም፡ ንናይጀርያ ክጻወተላ ነይርዎ። ሃንደበት ብዘጋጠመ ክስተት ግን ማልያ ኣመሪካ ለቢሱ ኣብ ምጽዋት ይርከብ። ባሎጋን ኣብ ብሩክልይን ኒውዮርክ እዩ ተወሊዱ። ወላዲቱ ስለ ዝደለየት ዘይኮነስ እቲ መንገዲ ኣየር ስለ ዝሓንገደ'ዩ።

ኣብ 2001 እዩ፣ ነብሰጾር ዝነበረት ኣደ ፎላሪን ባሎጋን ስድራቤታ ክትበጽሕ ካብ ሎንደን ናብ ኒውዮርክ ኣምሪሓ። ካብ ኒውዮርክ ናብ ሎንደን ክትምለስ እንከላ ግን ዘይተሓሰቡ ኣጋጠምዋ። ኩቡዲ ወላዲቱ ዝተዓዘቡ ሰራሕተኛታት መንገዲ ኣየር፡ ናይ ሕክምና ወረቐት ከየምጽኣት፡ ፍቓድ በረራ ኣይንህበክን በልዋ። ድሕሪ ገለ መዓልታት ከኣ ኣብ ኒውዮርክ ንፎላሪን ባሎጋን ተገላጊላ። ወዳ ሓቚፋ ድማ ናብ ሎንደን ተመሊሳ። ኣብ ኣካዳሚ ኣርሰናል ስልጠና ድሕሪ ምቕሳሙ፡ ብትእዛዝ ኣርቴታ ናብ ሞናኮ ተሸይጡ።

ባሎጋን ንእንግሊዝ ወኪሉ ኣብ ናይ ትሕቲ 21 ዓመት ውድድር ተሳቲፉ ነይሩ'ዩ። ወለዱ ናይጀርያውያን ብምዃኖም ድማ ነታ ሃገር ክውክል ይኽእል ነይሩ። ኣብ ኣመሪካ ስለ ዝተወልደ'ውን ንኣመሪካ ክውክል ይኽእል። ባሎጋን ድማ ነታ ብሃንደበት ዜግኣ ዝኾነቶ ኣመሪካ ክውክል መሪጹ። ኣብዚ ድሮ ሓደ ጸወታኡ ኣሰላሲሉ ዘሎ ግጥማት ከኣ ክልተ ሸቶ ኣቖጺሩ ይርከብ።

## ዜና ብሓጺሩ

**• ዋይ ሩኒ፡ ማክቶሚናይ ናብ ማንቸስተር ዩናይትድ ክምለስ ደጺዉዑ**

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝነበረ እንግሊዛዊ ዋይ ሩኒ፡ ዩናይትድ ንስኮትላንዳዊ ኣከፋፋሊ ስኮት ማክቶሚናይ ደጊማ ክተፈርሞ ጸዊዑ። ማክቶሚናይ፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት ተጻዋታይ ዩናይትድ እዩ ነይሩ። ይኹን እምበር ውዕሉ ብምቕራጽ ናብ ሰሪ ኣ ኣፋንዩዎ። ኣብ ናፖሊ ከኣ ብኽቶታቱ ደሚቑ፡ ንክለቡን ሃገሩን ብዘገርም ኣስተዋጽኦ ከኣ ክደምቕ ክኢሉ። በጺሕዎ ዘሎ ብቕዓት ዝተዓዘበ ዋይን ሩኒ ድማ ናይ ቅድም ክለቡ ክትመልሶ ደጺዉዑ ኣሎ።

**• ፒኤስጂ፡ ዕዳጋ ባርኮላ ክፍቶት ጊዩራቶ**

ፒኤስጂ፡ ኣብ ክራማት ንብራድሊዩ ባርኮላ ክትሸጦ ምዃና ብምፍላጡ፡ ደሊዩቱ ዝኾኑ ኣርሰናልን ሊቨርፑልን ብዝተጠንቀቐ ይዕዘብኦ ኣለዉ።

ባርኮላ፡ ምስ ፒኤስጂ ዘለዎ ውዕል ክዛዘም ክልተ ዓመት እኳ እንተለዎ፡ ክልተኦም ብዘዕጽሕዎ ስምምዕ ግን ንዓመታ ምሳታ ክሉብ ኣይክህሉን'ዩ። ይኹን እምበር፡ እቲ ተመዲቡሉ ዘሎ ዋጋ ዘይልከፍ ብምዃኑ፡ ንደለይቱ ከሸግረን ምዃኑ ይግለጽ።

**• "ካብ ሃላንድ ኣነ ይበልጽ" ኢብራሂሞቪች**

ሽወደናዊ ኣጥቃዓይ ዝላታን ኢብራሂሞቪች፡ ካብ ሃላንድ ከም ዝበልጽ ተዛሪቡ። ኢብራ፡ ኣብቲ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንሱ ዝያዳ ሃላንድ ተዓጻጻፍን ምሉእ ኣጥቃዓይን ምዃኑ ሓቢሩ።

ኢብራሂሞቪች፡ ኣብቲ ምስ 'ፎክስ ስፖርት' ዝገበሮ ቃለ-ምሕትት፡ "ሃላንድ፡ ብዙሕ ሸቶታት የመዝግብ'ዩ። ኣብ ሳንዱቕ እውን ቀታሊ ኣጥቃዓይ'ዩ። ይኹን እምበር ኣነ ልዕሊኡ ተዓጻጻፊ'የ" ኢሉ።

**• ሊቨርፑል ንእንግሊዝ ክዕጽንሖ ወሲና**

ሊቨርፑል፡ ኑቲ ስሙ ምስ ባየር ሙኒክ ተተሓሒዙ ዝለዓል ዘሎ ሪዮ እንግዚ ንምጽናዕ ከም ዝወሰነት ሓቢራ። ሊቨርፑል፡ እዚ ኮተቴ ተጻዋታይ ናብ ጀርመን ንኽትሰዶ መደብ ከም ዘይብላ ብምሕባር፡ ኣዳናቒ ውዕል ቀሪባትሉ ከም ዘላ ሓቢራ። ባየር ሙኒክ፡ እዚ ኮተቴ ወሲ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓያ ንምምሕር ኣብ ዕላማ ኣእቲያ ትንቀሳቐስ ከም ዘላ ይፍለጥ። ዝሓለፈ ዓመት ከምቲ ዝድለ ዘይተጠቐመትሉ ሊቨርፑል ድማ ካብ ዝመጽእ ዓመት ወሲ ተጻዋታይ ንምጥዋሩ ተበጊሳ ትርከብ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ኤደን | 14/06/2026 | ከባቢ ዩኒቨርስቲ ጥቓ ባር ለድያ | 110750 |
| ፋርማሲ ቅሳነት | | ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከባቢ ማይ ኣዋሳወል | 110911 |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ራህዋ | | ጎደና ሃገር ቁ.20፡ ፊት ማዕከድ ግዛ ጥኑዳ ጥልያን | 119802 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565